# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.229 | ሰሉስ 26 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
መደረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ...

ገጽ 3
ጽንብል በዓል ናጽነት ኣብ ዞባ...





ገጽ 4





ስነ-ጥበብ
መኽተ

ገጽ 5
ወግዓዊ ጽንብል መበል 35 ...





ገጽ 6
ስእላዊ ዓምዲ


# መበል 35 ዓመት ናጽነት፡ ብድምቀት ተጸንቢሉ

ወግዓዊ ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ፡ ብሰንበት 24 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብልዑል መዓርግ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ብናይ ክቡሪ ሰልፊ ዝተሰነየ ሰላምታ ንክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ዝኽረ-ሰማእታትን ዝፈለመ ስነስርዓት፡ ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ብሓደ መንፈስን ብሓደ ልብን ኣብ መላእ ሃገርን ኣብ ወጻእን ክቶዩድ ኣብ ዝቖየ ውዕወዕ ቅነ ናጽነት ንዝተራእየ ልዑል ወኒ ብምምጓስ፡ ነዊሕ ኣዋርሕ ንዝወሰደ ዛዕባ መደባት ኣብ ምድላው ንዝተሳተፉን ኣበርክቶ ንዝገበሩን ምስጋና ኣቕሪቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ንሓርበኛ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ምስ ፈተውቱ ተቓለስቲ ህዝብታት - የሃና፡ ነዚ ዕዙዝ ዕለት ንምምዕራግ ዓይነታዊ ማሰናድኢታት ንዘወደቡን መልእኽትታት የሃና ንዝለኣኹ ፈተውትን ደማ ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣብ ዝሓለፉ 35 ዓመታት፡ ኣንጻር ዝተፈላለየ ተጻብኦታት፡ ሸርሕታትን መጥቃዕትን ኣብ ምክልኻል ዝተኸፍለ መስዋእቲ፡ ምስ ጥሙር ልምዓታዊ ተጋድሎ ደማሪኑ ከርእ'ንክሎ፡ ዓመት-ዓመት ዝዘከር በዓል፡ መለክዒ ጉዕዞን ኽጋሽን ተልእኾ ሃገራዊ ህንጸት ወሰዶታት ከምዝኾነ ገሊጹ።

ናጽነትን ልኡላውነትን፡ ወሃደትን ክቡሪ መሬትን ብዘላቕነት እናሰሰነ ዝምዕብል ማሰርሕ ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንጉዕዞና ብዘምልክት ምስ ኑብሰና እንትተሓተተሉ ኢጋጥሚ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኽጋሽና ብውድዓውነት እናገምገምና፡ ካብ ተመኩሮታትና እናተመሃርና፡ ኣድማዕነት ስራሕና ክወርጽጽ ዝድርኽ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

"ዘቤታዊ ኩነታትናን ምዕባለኡን ካብ'ቲ ንሕናን ህዝቢ ዓለምን ሃንቀው እንብሎ ርትዓዊ ኣህጉራዊ ስርዓትን ዞባዊ ናይ ምኩብርን ርግኣትን፡ ምትሕግጋዝን ራህዋን ጥምረትን ሽርክነትን ተጻሉ ስለዘይርኡ፡ ዓለማውን ዞባውን መቓኑ፡ ብውድዓዊ መወከሲታትን ተዛማዲነትን ክንፈልጦን ክንርድኦን ግቡእ ዕማም'ዩ" ዝበለ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንመድረኻዊ ሚዛን ኣመራጋ ብዘምልክት ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ መገምገሚ መወከሲታት ሰሪዑ፣ መርትዖታት እናዋህለልካ ኣመስሪሕካ ምንባብ ከም ቀጥዒ ኣብ ምሓዙ፡ እቲ ተርእዮ ከቢድን ዝተሓላለኸን ስለዝኾኑ፡ ህዉኽ መደምደምታታት ካብ ምሃብ ዝያዳ ትዕግስቲ ከምዘሓትት ኣብሪሁ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ሽነዘወላን ኢራንን ንዝተራእየ ምዕባለታት ኣመልኪቱ፡ ክምለሱ ብዘይኮኑአም ሕቶታት ዝተሰነየ ዓሚቝ ትንታኔ ድሕሪ ምሃቡ፡ ኩናት ኢራን ስሕታን-ቅማረ ዝደፍኦ ስትራተጂያዊ ጌጋ ምንባሩ ዘማትእ ስለዘይኮኑ፡ ምስ ርዱእ ሓደጋታቱ ደውኪ ከብል ከምዘየብኦ ኣስሚሩሉ።

ህዝብታት ካብ ዝሃደዩሉ ብሉይ ኣህጉራዊ ስርዓት ምውጻእ፡ ግድነት እምበር ሕርያ ከምዘይኮነ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ መቐጸልታ ባርነትን መግዛእትን ዝኾነ ብሉይ ስርዓት ተኣልዩ፡ ሓደሽ ናይ ርትዕን ፍትሒን ኣህጉራዊ ስርዓት ምምጻእ፡ ዘይውዝፍ ተልእኾ ደቂ-ሰብ ከምዝኾነ ብምንጻር፡ ከም መቐጸልታ ክቡራት ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንመዛኻኸሪ ዝኾኑ ኣብ መበል 80 ኣኼባ ሕቡራት ሃገራት ብኤርትራ ንዝቐረበ፡ ንመርሓ ጉደና ዝሕግዝ ሓሳብ ዘርዚሩ።

ንጉደቦና ብዝምልከት ድማ፡ ዓለማዊ ተኣፋፍነት ናይ'ቲ ጉደቦ፡ ምስ'ዚ ኣብ ሆርመዝ ተኸሲቱ ዘሎ ቅልውላው ዝያዳ ጉሊሑ ስለዘሎ፡ ጣልቃ ምትእትታው ዘይብሉ፣ ብውዕል ሃገራት ናይ'ቲ ጉደቦ ካብ ዝቖመ ናይ ሓብራዊ ድሕነት ኣሊያ፡ ካልእ መተካእታ "ዘራያት" ከምዘይዋጽእ ዳግም ተሓጺሩ ከምዝሎን ብዕቱብ ክጽዕረሉ ከምዝለዎን ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ሶማል፡ ኢትዮጵያ፡ ሱዳንን ደቡብ ሱዳንን ዘሎ ኣዝዩ ኣሰካፊ ኩነታት፡ ዝያዳ ኣቓልቦን ስራሕን ከምዝሓትት ጉሊሑ ምህላዉ ብምሕባር፡ "ብሓፈሻዊ ተመሳሳሊ ባህርያት ካርኣ 'ንክሎ፡ ብደሆታት ህንጸት ሃገር'ዩ" ተባሂሉ ክጠቓለል ከምዝኽእልን ኪፍወስ ዘለዎ ቅልውላዋት ከምዝኾኑን ጠቒሱ፡ ከም ግብራዊ ቅድመ-ኩነት ናይ ወጻኢ ምትእትታዋትን ምወላን ክቋረጽ ግድን ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።


ፕረዚደንት ኢሳይያስ ንዘቤታዊ ጉዳያት ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ብቐንዱ ናይ ህዝብና መንብሮ - ብቐጻምነት ናይ ዝተዋሰአ ከባቢታት፣ ብዓቢኡን ንሓዋሩን ግን ካብ ቁጠባ ዕንጋሎ ዘኾላግለና፣ ኣፍራይነትና ዘሐይልን ምህርትና ብዘላቕነት ዘኻዕብትን ኪኸውን ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ዲፕሎማስያውን ሓበሬታውን ግንባራት'ውን ከምዝጠቓለል ብሰፊሑ ኣብሪሁ።

በዚ መሰረት፡ ናይ ጽርግያታትን መጎዓዝያን ፕሮጀክትታትና ብኸምቲ ዝተሳደፎ ኪዓቢ፣ ናይ መዝበሪ ኣባይቲ ማዕረ-ማዕረኡ ኪድረኽ፣ ናይ ማይን ኤለክትሪክን ኣገልግሎታት ምስፋሕ ድማ፡ ምድንጓይ ቀረብት እንተዘይኮኑ፡ መበገሲ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ኪዝርጋሕ ምኻኑ ብምሕባር፡ ትምህርትን ጥዕናን'ውን ድርኺት ኪግበረሎም ዓቢ ትጽቢት ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መወዳእታ፡ "ወፋይን ጻዕረኛን ከም'ኡ'ውን ተባዕን ተጻማምን ህዝቢ ስለዘሎ፣ ኣብ ኩሉ ልምዓታዊ መኸተ ህንጸት ሃገር ከኣ ዘይፍለ ሓይልታት ምክልኻል ከም ሕመረትን ድርዒ ጠረፍን ስለዘሎ፣ ሓበን ይልበስ" ድሕሪ ምባል፡ መሰናኽላት'ውን እንተለዉ፡ ስክፍታ የለን! ቅሰኑ! ኢሉ።

እቲ ብኤራቲቪን ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራን፡ ከም'ኡ'ውን ብመገዲ 'ደንደን ሚድያ' ብማሕበራዊ መራኸቢታት ብቐጥታ ዝተፈነወ ወግዓዊ ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት፡ ንህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፣ ሓይልታት ምድሪ፡ ባሕሪ፡ ኣየርን ፖሊስን፡ ከም'ኡ'ውን ንሃገራዊ ኣገልግሎት ብዝውክል ምዕሩግ ወተሃደራዊ ሰልፊ፣ ብትልሂት ዝተሰነየ ባህላዊ መደብን መዚቃዊ ምንቅስቓሳዊ ምርኢትን ማዕረጉ ነይሩ።





ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቓድር

ክልተ ክፋላት ዘለዎን ኣስታት 3 ሽሕ ሓይሊ ሰብ ዝተሳተፎን ባህላዊ ምርኢት ድማ፡ ሓያሎ ደርፍታትን ትልሂትን ማእከል ዝገበረ ስነ-ጥበባዊ ምርኢት፣ ከም'ኡ'ውን ንጹሓይ ማእከል ስሕበት ዝገበረ፡ "ተውላ ንልምዓትን መኸተን ኣብ ውሽጢ 30 ዓመታት" ብዝብል ኣርእስቲ ዝቐረበ ጥበባዊ ስራሕ የጠቓልል።

ኣብ መወዳእታ፡ ንሶማያት ኣስመራ ብሕብራዊ መብራህቲ ዝኹልዐ ርሸት፡ መዛዘሚ ወግዓዊ ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት ኮይኑ።

ጽንዓትና ዋሕስና ! !صمودنا... ضماننا

OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE!

# መደረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ወግዓዊ ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት

**ዝኸበርክን ዝኸበርኩም!**

ንሓርነኛ ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣብ ወሽጢን ግዳምን፣ ምስ ፈተውቱ ተቓለስቲ ህዝብታት ዓለም፤ የሓና!

ዓመት-ዓመት፤ ነዛ ዕዙዝ ዕለት ንምምዕራግ፤ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓይነታዊ ማሰናድኣታት ንዘወደቡ'ኹ፤ መልእኽቲታት የሓና ንዘለኣኹ ፈተውቲ'ኹ፤ ልዑል ምስጋና!

ብኞያ መኸተ ሓርነታዊ ቃልሲን ማሰዋእቲን 50 ዓመታት ጥራይ ዘይኮኑ፤ ኣብዘን ዝሓለፉ 35 ዓመታት፤ ኣንጻር ዝተፈላለየ ተጻብኦን ሽርሒታትን መጥቃዕቲ'ኹ፤ ኣብ ምክልኻል ዝተኸፍለ ማሰዋእቲ፤ ምስ ጥሙር ልምዓታዊ ተጋድሎ ደማሚርካ ከርእ'ኽሎ፤ ዓመት-ዓመት ዝዝክር በዓል፤ መለክዒ ጉዕዞን ኺጋሽን ተልእኾ ሃገራዊ ህንጸት ወለዶታት'ዩ። ናጽነትን ልዑላውነትን ወሀደትን ክብረ-መሬትን፤ ብዘላቕነት እናሰሰነ ዝምዕብል ማሳርሕ ስለዝኾነ፤ ትማሊ ኣብዩ ኔርና፤ ሎሚ ኣብዩ ኣሎና፤ ንመጻኢ'ውን፤ እናበልና፤ ምስ ኑብስና ንተሓታተሎ፤ ኣጋጣሚ'ዩ። ኺጋሽና ብወድዓዊነት እናገምገምና፤ ካብ ተመክሮታትና እናተመሃርና፤ ኣድማዕነት ስራሕና ክዉርጽጽ ዝድርኽ'ዩ። ሓበንን ክብርን ንህዝቢ ኤርትራን ሰማእታቱን።

ሃገራዊ ወይ ዞባዊ ኩነታትናን ምዕባለኡን፤ ካብ'ቲ ባዕልናን ህዝቢ ዓለምን ሃንቀው ንብሎ፤ ርትዓዊ ኣህጉራዊ ስርዓትን፤ ዞባዊ ናይ ምክብባርን ርግኣትን ምትሕግጋዝን ራህዋን ጥምረትን ሸርክነት፤ ተፈሊ ስለዘይኮነ፤ ዓለማዊን ዞባዊን መቓንን፤ ብወድዓዊ መወከሲታትን ተዛማድነትን፤ ክንፈልጦን ክንርድኦን ግቡእ ዕማም'ዩ።

**ዝኸበርክን ዝኸበርኩም!**

ምስ ፍሉይነቱን ርዱእ መድረኻዊ ሚዛን ኣመራጽኡ፤ ኣብ ናይ 34 ናጽነት ኣጋጣሚ፤ ዳግማይ ምምላስ ትረምፕ ናብ 'ጸዕዱ ገዛ፣ ከም መእተዊ ንኣብ ሓዱ ማዕዶ (dimension)፤ መባእስ. ፖሊሲታቱን ኣኪያይዳኡን፣ ዝገደፎ ኣሰራትን፤ ብኡ ጋ ምቅማርን ዕቱብ ዕዮ-ገዛን ዘድልዮ ምኻኑ ጠቒሰ ነይረ። መገምገሚ መወከሲታት ሰሪሐ፤ መርትዖታት እናዋህለልና፣ ኣመሰራሕክ ምንባብ ከም ቅጥዒ ኣብ ምሓዝ ግን፤ እቲ ተርእዮ፣ ከበድን ዝተሓላለኸን ስለዝኾነ፤ ህዉኽ መደምደምታታት ካብ ምሃብ ዝያዳ ትዕግስቲ ዝሓትት'ዩ።

ንእወጅ ጭርሖ "ማጋ" ትረምፕን ትርጉሙን፤ ንምድህሳስ፤ መሬልፊሊ ኣርእስትታት ሰሪሐ (ሃብቲ - ኢንዱስትርያዊ ውጽኢት - ቴክኖሎጂያዊ ጸብለልትነት - ወተሃደራዊ ሓይሊ - ክሊ ጽልዋ - ወዘተ. . .) ኣብ መቓን ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ኣመራጽኡ፤ ኣውራ ኣብ መዋእል ዝሓለፉ ኩናትን፤ ናይ'ዚ ዝሓለፈ "እንኮቓጽራዊ" መዋእል ዕንደራን ስኩዕ፤ መጻኢ ኣመታቱ ንምፍላጥ ወይ ምርዳእ እዋናዊ ኣገዳስነት ኣለዎ።

ኣብ ቀንጠበ፤ ባህርያዊ ጸጋታት፤ ልዕሊ ኩሉ ኢንዱስትርያውነትን፤ ምምስራሕን ድለብ-ክብረን እንተወሲድና፤ ኣጠቃሊ ባጀታዊ ዝርወት ተኸታታሊ ምምሕዳራት ዋሽንግቶን ኣብ ርእሲ ዘዋህለሎ ዕዳታት፤ ብሰሰዕ ቅሒት "ዓበይቲ ጉበት"፣ ኣጋጣሚታት ታሪኽ ብዝፈጠረሉም ዕድላት ዝተኸሰዎ ቀንጠባዊን ማላዊን ሃይመና (ዕብለላ) መዘዋሕዝም ("ከም ናትና ሓንጎልን መሳዝዑትን የለን፤ ካልኦት ክቕድሑ ጥራይ'ዮም ዝኽእሉ" ዝዓይነቱ ኣጉል ብዝሒ ሐሳም) ንትሒት ተኻፍሊ ጉልበትን ጸዓትን ኣህላኸነትን ካልኦት ከምዝዓዘ ምእንቲ-ኣውራ ኣብ'ዚ ድሕሪ ምኽታም ዝሓለፈ ኩናት ዝዕብለለ ስሑሉብ "ሳማ" ዘኸተሎ ስትራተጂያዊ ቀንጠባዊ ምምዝባል ቀሊል ኣይነበረን። ዓሚ ዝጠቕለሎ ዝጋልብ ዝበረ ዕዳ 30 ትሪልዮን ዋሺንግቶን፤ ሎሚ ናብ 40 ትሪልዮን ይዓርግ ምህላው፣ ቀሊል ምስክር'ዩ።

ትረምፕ፣ ነቲ ሓደጋን ምንቅልቓልን ምእ'ማኡ "ኣወንታዊዩ" ኪብሃል ዝከኣል'ኳ እንተኾነ፤ መሬወሲ ኢሉ ዝኸተሎ ዘሎ ስጉምቲታት (. . .ወጻኢታት ምጽልጻል፤ . . .ዝሃገመ ኢንዱስትሪታትን ወፍሪን፣ ምስሓብን ምምላስን ምጥያስ፤ . . .ቀረጽ ምዕባይ፤ . . .ዘቤታዊ ግብሪ ምንካይ፤. . . ምግባት ዘዩርኩብ ማዕድናት፤. . .ሓይሊ ምውጥዋጥን ምህዳድ፤. . .ጸዑቕ ወፍሪን ዘሙተንውን ኣብ ዲፕሎማሲን ፕሮፓጋንዳ፤ . . .ወዘተ፤) ክሰርሕ ይኽእል'ዶ፤ ኣብይን ምስ መን፤

ቴክኖሎጂያዊ ጸብለልትነት፣ AI ሓዊሱ፤ ዕምቆ ዝበለ፣ መመዘዚ ዳህሳስ ዝሓትት'ኳ እንተኾነ፤ ዛጊት፤ ንናይ ዋሺንግቶን ብልጫታት ዝእምት ኣንፈታት የለን።

ወተሃደራዊ ጉልበት'ኸ፣ . . .ፈርሻሽ ቀመና 'ናቶ' ከም መርኣያ ከይወሰድና፤ . . .ብመጀሃሪ ትያትሮታት፣ ታህዲታት፤ "ነሽቱ" ንዘበሃሉ ምድሃኸን ምቕታልን፤ ብዘለሐ ኑክለራዊ ኣጻዋር፤ ዕንዛራታትን (ድሮናት) ሚሳይላትን . . .ጥራይ ዝልካዕ ኣይኮነን። ናይ 20 ዘመንን ህልውን ወተሃደራዊ ታሪኻት ምስክር'ዩ።

ክሊ-ጽልዋ፤ . . .ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት ተፈጺሞም ዘለዉ ባሉናት. . ."ግሪንላንድ"፣ "ካናዳ"፣ "ሜክሲኮ"፣ "ኩባ" . . . ወዘተ ባህርያዊ ሃብቲ ደዩ፤ ጆግራፍ ደዩ፤ ክሊ-ጽልዋ ደዩ፤ ንዘኸ'ደዩ፤ . . ሳዕቤናቱ'ኸ፣ እንታይ ኪመስል ይኽእል፤ ንምርድኡ፤ ገምሪ (speculation) ዘይብሉ ዓቕሊ ዝሓትት'ዩ።

**ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን**

ኪኖ ባሉናት፣ ካብ ናይ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት፣ ኣቓልቦ ዝስሕብ ጉዳያት፤ ናይ ሽግዘውላን ኢራንን ኣብኡ ምርኣይ ሕማቕ ኣይኮነን።

ኣብ ኣመራጽታት፣ ዝጸንሐን ዘሎን ዕዳጋታት ሓሸሽ/ድራግ፣ ነዊሕ ዛንታ ዘለዎ'ዩ። ሽግዘውላ ኣብዩ ትሰርሑ፤ ማዱሮ'ኸ፣ እንታይ ተራ ነይርዎ፤ ብኣህጉራዊ ሕጊ ክኽሰስ ዝኽእል እንተኾይሩ፤ ስለምንታይ'ን፣ በዩናይ ሕጋዊ ቅጥዒን "ጸዕዳ ገዛ" በዩናዊ ናይ "ምቕያድ" ስጉምቲ ክወሰድ ይኽእል፤ ናይ ኣማን ሽግዘውላ፣ ንናይ ኣመራጺ ሃገራዊ ድሕነት፣ ሰግኣት ድዩ፤ ብኸመይ፤ ማዱሮ ከም ውልቀ-ሰብ'ኸ፣ ንሃገራዊ ድሕነት ኣመራጺ፣ ሰግኣት ነይሩ'ዶ፤ እቲ ስርሒት ምቕያድ ንኻልእ ኣጀንዳታት ምስምሳዕን ገንሸል'ን'ዶዩ ነይሩ፤ መልስታት ክስብ ዝርከብ፤ ገምሪ ዘይብሉ ዓቕሊ።

**ኢራን**

ኑክለራዊ ፕሮግራም ኢራን፣ ኣብ ፈለማ 70ታት፣ ኣብ ዘመነ ሻህ ዝጀመረ'ዩ። ብናይ መን ደገፍን ምትብባዕን፤ ናቱ መልሲ'ለዎ። ድሕሪ 1979፣ ከመይ ኢሉ ከምዝምዕበለ'ውን፣ ነዊሕ ዛንታ'ዩ። ምስ'ዚ ኣብ ልዕሊ ኢራን ተኣዊጁ ዘሎ ኩናት ግን፤ ከምለሱ ዘለዎም መሰረታውያን ሕቶታት ኣለዉ። ኑክለራዊ ፕሮግራማት ዘለወን ሃገራት፤ . . . መላመንየን፤ ኑክለራዊ ኣጻዋር (ብዙሕ ዓይነቱ) ዘለወንን ዘማዕበላን ሃገራት፤ መላመንየን፤ ኑክለራዊ ኣጻዋር ዘውንናን ዘማዕበላን ሃገራት፤ በዩናይ መሰል፤ ወይ፣ ብናይ መን ፍቓድ፤ "ወሃቢ ፍቓድ" እንተልዩም፣ እንታይ መሰል ወይ ሓለፋ ስለዘለዎም፤ ንምንታይ ኢራን ንበይና ትኽለከል፤ ናይ ኣማን'ከ፣ ኢራን ሰግኣት ኣመራጺ ድያ፤ ኣመራጺ፤ በዩናዊ መጥቃዕቲ ክትወሰድ'ከ፣ እንታይ ሕጋዊ ሓለፋ ኣለዎ፤ ሆርሙዝን ምዕጻውን፣ ከም ሳዕቤን ክንዲ ምርኣይ፣ ንኣህጉራውን ዞባውን ርግኣት ተዛማድነት ዘለዎም ጉዳያት ኣልዒልካ ምጽማድ ዝሓትት'ዩ። ስሒታን - ቅማረ ዝደፍኦ፣ ስትራተጂያዊ ጌጋ ከምዘበረ ግን፣ ኣየማትእን። ምስ ርዱእ ሓደጋታቱ ከኣ ደው ኪብል ይግባእ።



**ዝኸበርክን ዝኸበርኩም!**

ሕልፍ-ሕልፍ ዝበልክዎም ምስ ምምጻእ ትረምፕን፣ ዝኣወጆም ፖሊሲታትን፣ ዝወሰዶም ስጉምቲታትን፤ ኣውራ ካብ'ዚ ካልኣይ እግሩ ንጸዕዱ-ገዛ ዝኣተወሉ፤ ናይ ዓመትን መንፈቕን ፍጻመታት'ዩ። ገና ክልተ-ዓመትን መንፈቕን ተሪፉ'ሎ። ትረምፕ ሐዚዎም ዝጸንሐ ጉዳያት፣ ብኸመይ ኮን ይምዕብሉ ይኾኑ፤ ምስ ኤርጃ ቻይና፤ ሩሲያ፤ ህንዲ፤ ማእከላይ ምብራቕ፤ ኤስያ፤ ላቲን ኣሜሪካ፤ ኣፍሪቃ፤ . . .ሃገራት ብዘተናጸልን ብኣኩብን፤ ኣብ ነንበይናም ኣርእስቲታት/ጉዳያትን ግዜ፤ ብኸመይ ይጸምዱ፤ ደምር ውጽኢታት ናይ መጻኢ 30 ኣዋርሕ'ከ፣ ራዳራት ኣዋዲድካ ሰዓት-ሰዓት ምክትታል ኣብ ቦታኡ እንክሎ፤ እንታይ ናጻ ኣማራጺ ክሕሰብ ይከኣል፤

ኣብ'ዚ፣ ከይተጠቕሰ ኪሓልፍ ዘይብሉ፤ ትረምፕ ምንቃፍ ንብይኑ፣ ኣኻሊ ኣይኮነን። እቶም ኣብራት እናረኣዩ ዘሰዩ ዘለዉ'ኸ፣ ካልእ፣ ኪጉሰ ዘይብሉ'ውን፤ ንትረምፕ ከጡብሱን ከጋጁን ህርድግ ዝበሉ "ጸለውቲ ኢና" ዝበሉ ከምዝለዉ ዘይምርሳዕ።

ብዓበኦ፤ ሓያላንን ዘይሓያላንን ዘንቅልዎ ኣጀንዳታት "ብኸመይ ይጸልወና፣" ዝበል መልሱ-ግብራዊ ትሕጃታት ዘይኮነ፤ ብንጡፍ ተበግሶ፤ ኣብ መሰረታውያን ክብርታት ዝተኣደቀ፣ ሓሳብን ስትራተጂን ቀዳሰካ ምግሰጋስ፣ መተካእታ የብሉን።

ካብ ህዝብታት ዝሊደዩሉ ብሉይ ኣህጉራዊ ስርዓት ምውጻእ፤ ግድነት'ምበር ሕርያ ኣይኮነን። ሓራ ዕዳጋታትን ንግዲን ዘይብሉ፤ ርትዓዊ ምምቕራሕ ሃብቲን እቶትን ዘይብሉ፤ ናይ ሓረጣን ገምሪን ዘምታን ዓሎቕን ፊናንሳዊ ትካላት ዘማሕድሮ፤ ብኸሰራ ዝረብሐ ዘምታ "ባዶ-ድምር"፤ መቐጸልታ ባርነትን መግዛእትን ዝኾነ ብሉይ ስርዓት፣ ከእለ ኣሎዎ። ሓድሽ፣ ናይ ርትዒን ፍትሒን ኣህጉራዊ ስርዓት ምምጻእ ከኣ፤ ዘይውዓዝፍ ተልእኾ ደቂሰብ'ዩ። ዘለናዮ መዋእል፣ ካብ ዝጸንሐ ብሉይ ኣህጉራዊ ስርዓት፣ ናብ ሓድሽ ኣህጉራዊ ስርዓት፣ ማሰጋገሪ ስለዝኾነ፤ ሓድሽ ምህዞ'ኳ 'ተዘይብሉ፣ ከም መቐጸልታ ክብረታት (values) ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፤ ንመዘኻኸሪ፣ ኣብ መበል 80 ኣኼባ ናይ ሕቡራት ሃገራት ዘቐረብናዮ፤ ከሰፍሕን ከህብኦምን ዝኽእል፤ ንመርሓ-ጉዶና ዝሕግዝ ሓሳብ፤ ከምኡ ዝሰዕበ'ዩ ነይሩ።

- ደቂሰብ፣ ቀንጠባዊ ጸጋታቶምን ምህርቲ ስርሖምን፣ ብርትዓዊ ወፈኖም፤ ሃብቲ እናኻዕቡ፤ ኣብ ዘላቒ ናይ ወለዶታት ዕብየትን ራህዋን ኪጉዓዙ፤
- ራህዋን ዕብየትን ንምውሓስ፤ ሰላምን ርግኣትን ምንጋስ፤
- ሰላምን ርግኣትን ንምንጋስ፤ ርትዒን ፍትሒን ምርግጋጽ፤
- ዝሰፍሐ ዞባዊን ኣህጉራዊን ሰላምን ምርግጋጽን ሓብራዊ ዕብየትን ንምድራዕ ከኣ፤ ሓድሕድ ምክብባርን ምምልላእን ጥምረትን፤
- ነዚም መሰረታውያን መትከላት ሃንቀውታ ደቂሰብ ዘአዘዘ ሕጋዊ ፈጻሚን ቅርጺን ኣሊያን (መካኒዝም) ምትካል።

ኣብ ምእላይ ዝበለየ ስርዓትን፣ ምውዳድ ሓድሽ ስርዓትን፤ ንደቂሰብ ብሰፊሕ ዝምልከት ይኹን'ምበር፤ ካብኡ ናብኡ፣ ነቲ ኣብ ፍልማዊ ቁጠባ ዕንጋሎ ዝኮበር ዘሎ ዝተዋሰአ፣ ቀዳማይ ግዳይ "ባዶ-ድምር" ዝኾኑ፣ ህዝብታት ኣፍሪቃ ይምልከት። ስለዚ'ኸኣ'ዩ፣ ኣፍሪቃን ዝተፈላለየ ክፍሉ-ዞባታቱን፤ ኣብ ወሽጢ'ቲ ሰፊሕ ዓለማዊ መድረኽ፤ ናቱ ተመሳሳሊ ስትራተጂ ነዲፉን ወጥናት ኣርቂቑን ኪቃለስ ዘለዎ። ካብ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ (OAU) ዝተሰጋገረሉ ቀንዲ ምኽንያት፣ እዚ'ዩ ነይሩ። ሓድነት ኣፍሪቃ፣ ማዕረ'ቲ እዋን ዝሓለፉ ተልእኾ እንተዘይደየበ፤ ተዛማድነት ኣይከህልዎን'ዩ። ስለዚ'ኸኣ'ዩ ኣብ ወሽጢ ኣፍሪቃ ዝህልወና መኸተ ምሕዝነት፤ ኪነጥፍን ኪሕይልን ዝግባእ።

**ካብኡ-ናብኡ፤ ኣብ ዞባና**

ዓሚ'ኳ፣ ካብቲ ጎደቦና 'ንበለ፤ ተፋሰስ ኒልን፣ ቀርኒ-ኣፍሪቃን፣ ቀይሕ-ባሕርን፣ ወሽመጥን፤ ኣብ ናይ ሱዳንን ኢትዮጵያን ብፍሉይ ጠቒሰ ነይረ። ዓለማዊ ተኣፋፍነት ናይቲ ጉደቦ፤ ምስ'ዚ ሕጂ ኣብ ሆርሙዝ ተኸሲቱ ዘሎ ቅልውላው፤ ዝያዳ ጉሊሑ ስለዘሎ፤ ክንክተሎ ዝጸናሕና፤ ናይ ዝኾነ ዓለማዊ ይኹን ዞባዊ "ሓይሊ'ዩ" ዝበሉ ወገናት ጣልቃ/ምትእትታው ዘይብሉ፤ ብውሕል ሃገራት ናይ'ቲ ጉደቦ ዝቖመ፣ ናይ ሓብራዊ ድሕነት (collective security) ኣሊያ/መካኒዝም 'ተዘይከዩይኑ፤ ዝኾነ ካልእ መተካእታ "ዝራያት" ከምዘየዋጽእ፣ ዳግም ተፈጺሩ'ሎ። ብዕቱብ ከጸዓረሉ ከኣ፣ እዋኑ'ዩ።

ናብ 3ይ ገጽ ይቕጽል

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም	ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ	ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ 1284

ካብ 2ይ ገጽ ዝቐጸለ

# መደረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ . . .

**ዝሽበርክሽን ዝሽበርኩምን!**

ብቐረባ 'ንርእዮ' ክፋል ናይቲ ጉድቦ ግን፤ ንርዱእ ግብራዊ ኣገዳስነቱ፤ ቀርኒ ኣፍሪቃ'ዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት፤ ርግኣት ናይቲ ዞባ ንልምዓት ምእንቲ ኪዋደድ፤ ካብ ኢጋድ ናይ ምድረቡዶ፥ ናብ ኢጋድ ናይ ልምዓት ንምስግጋርን፥ ንምሕያልን ዘተየድናዮ ጻዕሪ፥ ኣይተዓወተን። ኣብ ሶማልን፥ ኢትዮጵያን፥ ሱዳንን፥ ደቡብ-ሱዳንን፥ ዘሎ ኩነታት፥ ኣዝዩ ኣሰካፊ'ዩ። ዝያዳ ኣቓልቦን ስራሕን ከምዝሓትት ከኣ፥ ጉሊሑ'ሎ። እቲ ሽግራት እንታይ'ዩ፤

ብዝርዝርን ብዕምቈትን ኪዝረበሉ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፤ ብሓፈሻዊ 'ተመሳሳሊ' ባህርያት ኪርአ እንከሎ፤ ብደሆታት ህንጸት ሃገር'ዩ ተባሂሉ ኪጠቓለል ይከኣል። 1ይ- ቁልቁላዊ ምትፍንና ሕብረተሰብ/ዜጋታት'ዩ። ክንዲ ናይ ዜግነት ሃገር ምህናጽ፤ ብዘይተፈላለየ ኣሰማት - ኤትኒክ፥ እንዳ፥ ሃይማኖት፥ . . . ወዘተ - ሕብረተሰብ ብጽልኢ ኣተፋኒንካ፤ ክሳብ ምቅትታል ምዕራግ፤ 2ይ- ስርዓት መሳፍንቲ ኩናትን ሚሊሽያታትን፥ ከም መተካእታ ልዑላውያን ትካላት ምሽስኳስ፤ 3ይ- ኣዝዩ ብኩል (corrupt) ባህሊ/ስርቂ ምስሳይ፤ 4ይ- ዝሽፍኣን መጋደዲን፤ ናይ ወጻኢ ምትእትታውን፤ ምእዙዝነት ንኽድምና ግዳማዊ ረብሓታትን'ዩ። ኣብ ዝርዝራት፥ መጠናዊ ፍሉይነታት ኪህሉ ይኽእል፥ ብሓፈሻዊ ኣመዳድባ ግን፤ ብቐንዱ ኪፍወስ ዘለዎ ቅልውላዋት'ዩ፤ ከም ግብራዊ ቅድመ-ኩነት ግን፥ ናይ ወጻኢ ምትእትታዋትን ምወላን ከቋርጽ ግድን'ዩ።

**ዝሽበርክሽን ዝሽበርኩምን!**

**ናይ ዘቤታዊ ጉዳያት ክንመጽእ–**

ኣብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ጽንብል፥ ንልምዓታዊ መኸተና፥ ኣብ ዝተፈላለየ ግንባራትን ጽላታትን፤ እንተላይ ቀዳምነታትናን ኣሚተ ነይረ። እቲ ኣምር፥ ሓደሽ'ኳ 'ተዘይኮነ፤ ብቐንዱ፥ ናይ ህዙቡና መትከበሮ፥ ብቐዳምነት ናይ ዝተዋሰኑ ከባቢታት፤ ብዓቢን ንሓዋሩን ግን፤ ካብ ቁጠባ ዕንጋሎ ዘገላግለና፤ ኣፍራዪነትና ዘሐይልን፥ ምህርቲና ብዘላቕነት ዘኻዕብትን፤ ናብ ብሉጽ ምምስራሕን ድለባ-ክብርን ምስናዕን ኢንዱስትሪያዊነትን ብሉጽ ኣገልግሎታትን ዘሰጋግር ምእንቲ ኪኸውን'ዩ። ኣብ ቁጠባ ከይተሓጽረ፤ ዲፕሎማሲያዊን ሓብሬታዊን ግንባራት'ውን ዘጠቓልል። ማለት ቴክኖሎጂን'ውን፥ ምስ ዝኸሰተ ዘሎ ዕድላት፤ ገፊሕን ዘላቒን ሽርክነታት፥ ኣቃሊልና ዘይንርእዮ ዕማም'ዩ።

ብተደጋጋሚ ከምዝገለጽ ግን፥ ወሳኒ ሓይሊ፤ ሰፊሕ ተሳታፍነት ህዝቢ'ዩ፤ ብዘሒን ዓይነትን ሞያውያንን ክኢላታትን መንእሰያት፥ ምስ ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ሓርበኛታት ዜጋታትና ኣወሃሂድካ ሲነርጂን ዘላቕነትን ምርግጋጽ'ዩ። በቲ ንበህጎ ናህሪ ክንግስግስ ግን፤ ፕሮግራማትና/ ውጥናትና ዳግም ምኽላስን ምጽፋፍን፤ ምጉስጓስ ጸጋታት ከዕቢ ስለዘሎና፤ ኣብ ዓመት 2026 ሰገጥ ምባል ኣይክሰኣንን'ዩ።

ናይ ጽርግያታትን መጕዓዝያን ፕሮጀክትታትና፤ ብኸምቲ ዝተነድፎ፥ ኪዓቢ'ዩ። ናይ መንበሪ ኣባይቲ ሰፊሕ መደባት'ውን፥ ማዕረ-ማዕረኡ ኪድረኽ'ዩ። ናይ ማይን ኤለክትሪክን ኣገልግሎት ምስፋሕ ፕሮጀክትታት፤ ምድንጓይ ቀረብ ተዘይኮይኑ፥ መቢጋገሲ ኣብዚ ዓመት ኪዝርጋሕ'ዩ።

ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፤ ቀዳምነት ትምህርቲ፥ ብሰፊሕ ህዝባዊ ደገፍ፤ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ዝበገሱ ፕሮግራማት፥ ቀዳማይ ድርኺት ኪግበረሎም፤ ዓቢ ትጽቢት ኣሎ። ምስፋሕ ዓይነታዊ ኣገልግሎታት ጥዕና'ውን፤ ዓቢ ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ'ዩ።

ወፋይን ጻዕረኛን ህዝቢ ጥራይ ዘይኮነ፤ ተባዕን ጽኑዕን ተጻማሚን ህዝቢ ስለዘሎ፤ ኣብ ኩሉልምዓታዊ መኸተ ህንጸት ሃገር ከኣ፤ ዘይፍለ ሓይሊታት ምኽልኻል፤ ከም ዲናሞ ሕመረትን ድርዒ ጠረፍን ስለዘሎ፤ - - ሓበን ይልበስ! መሰናኽላት እንተለዉ'ውን፥ ስክፍታ የለን! ቅሰኑ!

**ጽንዓትና፥ ናይ ኣማን ዋሕስና።**
**ናይ ጽንዓት መምህራንና**
**ሰማእታት ይኽበሩ!**
**ዓወት ንሓፋሽ!**

---

*ሪፖርታዥ*

# ጽንብል በዓል ናጽነት ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ

ዒሳ መሓመድ

ናጽነት ትርጉማ ረዚን እዩ። ልዕሊ ርዝነታ ረዚን ክብሪ ትሓትት። ከምቲ ርዝነት ክብሪ ጠለባ'ውን ክቡር እዩ። ትንፋስ ምንባር ስለዝኾነት'ያ ትንፋስ እተኸፍሉ። ኣብ ዓለም፥ ክብሪ ናይ ዝኾነ ነገር ብምንጻር እቲ ንኽትረኽቦ እትኸፍሎ ዋጋ እዩ ዝሰዝን። እንተሰ ብቓልሲ እንተሰ ብኻልእ መንገዲ፥ ናጽነተን ዝረኸባ ሃገራት ብዙሓት'የን። ከም ኤርትራን ህዝባን ዝኸፈለ ዕለተ ናጽነቱ ብልዑል ሓበን ዘኸብር ግን እንተ ኣሎ ኮይኑ፥ ውሑድ'ዩ ክኸውን። ኣብ



ኣምባሳደር መሓመድ ሰዒድ ማንታይ



ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ

ወሽሞን ደገን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፥ ንዕለተ ናጽነቱ ዘንጸባርቕ ምሐር ሓጎስን ሓያል ሃገራዊ ወንን ብመንጸር'ቲ ናጽነቱ ንምርካብ ዝኸፈሎ ረዚን ዋጋዩ ዝዕቀን። ጽንዓትና ዋሕስና ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ ጽንብል መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት ድማ ነዚ ሃገራዊ መንፈስ ዘንጸባርቕ እዩ።

መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፥ እቲ ናጽነት ንምምጻእ ዝተኻየደ ቃልሰን ኣብቲ ጽንኩር፥ መሪርን ነዊሕን ቃልሲ ዝተኸሰተ ክብርታትን በቲ ሓደ፥ ንቴማ ጽንብልን ተኣትዩ ዘሎ መድረኻን መድረኻዊ ዕማምን ዘብርህን ዘንጸባርቕን ክኸውን ድማ በቲ ካልእ፥ ቅድሚ ክልተ ኣዋርሕ ኣቢሉ እዩ ምድላዋት ጀሚሩ። ኣብ 30 ምምሕዳር ከባቢታት ዝርከብ ህዝቢ፥ እኽሊ ማይ ኣዳልዩ ዳሳት ተኸሊ ምስ ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ብድምቀ ኣጋዑብ ክጽንብሎ ክኢሉ።

ኣብዚ ከይተሓጽረ፥ ድሕሪ እቲ ኣብ ኩለን ከባቢታት ዝፈለመ መደባት በዓል ናጽነት፥ ብደረጃ ንኡስዞባታት'ዩ ቀጺሉ። በዚ መሰረት ብደረጃ ንኡስዞባ ማእከል ደንካልያ ኣብ ሓውሲ ከተማ ዕዲ ብ15 ግንቦት፥ ብደረጃ ንኡስዞባ ኣረዕታ ኣብ ሓውሲ ከተማ ጠዮ ብ16 ግንቦት፥ ብደረጃ ን/ዞባ ደቡብ ደንካልያ ድማ ብ20 ግንቦት ኣብ ሓርሲሌ ክጽንበል ከሎ ምምሕዳራት ከባቢ ከተማ ዓሰብ ማለት ሸኣይቶ፥ ብሌን ኮማን ዓሰቡይን ብ22 ግንቦት መደብ ኮማዊ ዳሳት ብምዕራግ ኣጋዑብ ኣካይደን።

እቲ ፍሉይ ምድላው ዝተጉበረሉን ብደረጃ ዞባ ዝተየደን ስነ-ስርዓት ወግዓዊ ጽንብል ለሚ 23 ግንቦት ኣብ ከተማ ዓሰብ ቀጽሪ ወደብ እዩ ተኻይዱ።

እቲ መደብ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ስለ ዝበረ ህዙበን ሰራዊትን ከቡብ ዘለውዎ ወጋሕታ ሰዓት 4፡30 ኣትሒዞም እዮም ኣብቲ ቀጽሪ ክኣትዉ ጀሚሮም። ኩሎም ዕዱማት ቦታኦም ምስ ሓዙ፥ ልክዕ ሰዓት 5፡30 መደብ ብዘኽሪ ሰማእታት ፈሊሙ። ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ ሰዒድ ማንታይ፥ ኣዘዝቲ እዚ ምብራቕ ብ/ር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደም፥ ሱልጣን ራሓይታ ዓ/ቃድር ዳዉድ ዝርከብዎም ሓለፍትን ብርክት ዝበለ ህዙበን ሰራዊትን ዝተሳተፍዎ ስነ-ስርዓት ብበሎቃት ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፥ ሓይልታት ምክልኻል፥ ሓይሊ ባሕሪ፥ ሓይሊ ኣየር፥ ሓይልታት ፖሊስን ዝተሃንጸ ምርኢት ወተሃደራዊ ሰልፊ፥ ምርኢት ጆባኑ ንትርጉምን ርዝነትን ናጽነት ዝገልጹ ስነ ጥበባዊ መሰናዶታትን ቀሪቡ።

ኣደ መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ናይቲ ዞባ፥ ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ ኣብ ዘቕረብቶ ቃል፥ ኣብ 30 ምምሕዳራት ከዑበን 115 ዓድታትን ህዝቢ ዳሳት ብምትካል ምስ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ንመዓልቲ ናጽነት ብዝምጥን ልዑል ማዕርግ ከምዝበዓላ ብምግላጽ፥ ኣብ ምድማቕ ጽንብል መበል 35 ዓመት ተራ ትካላት መንግስትን ውልቅን በቲ ሓደ ስነ ጥበበኛታት ድማ ብፍላይ ዕዙዝ ስለ ዝበረ፥ በቲ ኣጋጣሚ ስለቲ ኣበርክቶኦም ንኹሎም ኣመስጊና።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ ሰዒድ ማንታይ ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዘሰመዮ ቃል፥ ነዚ ኣብ ካብ ሓርነታዊ ቃልሲ ብዘይንእስ መሰናኽላት ዝገጠሙና እኳ እንተኾኑ፥ ሳላ እቲ ኣብ ጉዱእ ኑቡስና ክንተኣማመን ሓብራዊ ረብሓን መረዳእታን ክንፈጥር፥ ኣንፈቱን ፍጥነቱን ከመዓራሪ ዝኽእል ቅኑዕ መስመርና ግን ካብ ሓዳድ ጉዕዞ ከይወጻእና ክንምርሽ ምብቃዕና ገሊጹ።

ኣብዚ ዓመት እዚ ካብ ዝጸንሐና መደብ እቲ ዝዓበየ መደባት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ኣብ ዝተወሰነ ከባቢታት ምዝርጋሕ ከም ዝበረ ኮይኑ፥ 23 ናይ ደባይሲማ ብጅግና ሰራዊትና ተሃኒጹን ይህጸ ከምዘሎን ገሊጹ።

ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፥ ኣብቲ በዓል ዝተየደሉ ቀጽሪ ዝዳለዉ መደባት፥ ንዝንቀውታ ነጋድያን ናይቲ ቀጽሪ ዝምልስ፥ ፍልጠትን ንቕሓትን ዘሰንቑ፥ ኮታ ዘስተምህርን ዘዘናግዕን ክኸውን ብቀዳሲ እዩ ዝሰርሑ። ኣብዚ ናይ ለሚ ዓመት ድማ፥ ከም ወትሩ፥ ብትካላት መንግስትን ውልቅን ትሕዝቶኣን ዘቕርባሉ ቋሚ ምርኢት





ዓውደ ኣዋርሕ ኤርትራውያን ዝሽበረት ዕለት ጋህዲ ንምግባር፥ ዝተኸፈለ ዕድላትን ሕልምን ብኣወራሩ ከኣ ዝተኸፍለ ሂወት ብሉጻት ዜጋታት እልቢ ከምዝይብሉ ብምሕባር፥ እዚ ኣብ ዕለተ ናጽነት ዝርአ ልዑል ሓጎስን ደስታን ንምርካብ ዝሕለፎ መስገደል ካብ ምፍላጥ ዝቕል ከም ዘይኮነ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፉ ናይ ናጽነት ዓመታት ቅድም ዝበረና ወሲኽካ ኣብዚ እዋን እዚ 77 ቅድመ ትምህርቲ፥ ዝምህራ ኣብያተ ትምህርቲ ከም ዘለዋ፥ ልዕሊ 70 ክፍሊታት ንሓደሽቲ ኣብያተ ትምህርትን ተወሲኾቲ ክፍሊታትን መንበሪ መምህራንን ንተመሃሮ ዘገልግል ዓይኒ ምድርን ኣብ ኣዩመን ኢግሮሊ፥ ሓመርቲ፥ ኣይዮሱ፥ ኣፋምቦ፥ በልዕቡይ፥ ዓሰቡይ፥ በርዓሶሊ፥ ዋድ፥ ሓርሲሌ ኤግዘበሸን ብንኡስዞባታት ዝተዳለወ ቋሚ ደኮና ኣባይቲ፥ ቋሚ ህጻናት፥ 11 ጉጅለታት ባህሊ በዘቕረባ ምርኢት ዘቕርባሉ መድረኻን ካልእን ዝኣመሰሉ ንበዓል ናጽነት ተወሳኺ ድምቀት ዝወሰኹሉ ንጥፈታት ተኣንጊዶም ነይሮም። ነጋድያን በዓል ናጽነት ድማ፥ እናተዘዋወሩ ተዓዚቦምዎም ኣድናቖቶም ገሊጾም።



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

<u>ራብዓይን መወዳእታን ክፋል</u>

እቲ ምስ ዓወታት ሰውራ ኤርትራ እናማዕበለ ዝኸደ መደባት ስነ-ጥበባዊ ካብቲ ኣብ ፈለማ ዝነበሮ ትሑት ደረጃ መሳለጥያን ትሕዝቶን፤ ማለት፡ መብራህቲ ኣብ ዘይነበረሉ፡ መጋርያ፡ ፋኑስ፡ ሻምዓ፡ ወዘተ መሳሊ እናወላዕካ ኣብ መድረኽ ዝቐርብ ዝነበረን ብትሕዝቶኡ ድማ መባእታዊ ደረጃ ነበሮ። ብህርመት ጀራጋን ዝስነ ጣቕዒት ኣባላት ባህሊ፡ እቶም ደረፍቲ ኮኑ ተዋሳእቲ ኑቶም ዘዕዘቡምም ኣባላቶም ንኸስምዑ (ብዘይ መጉልሒ ድምጺ ይደርፉ ስለ ዝነበሩ) ዓው ክብሉ'ውን ይግደዱ ነበሩ። ጎረሮኻ ንምስሓል ዝተዓደ ዝነበረ ሓያል ልምምድ እምበኣር፡ ኑቲ ጎረሮ ጸቡቕ ገይሩ ስሒሉዎ'ዩ። ምርኢት ዝዕዘብ ሰራዊት፡ ዓሽ ኩቦል እኽሊ፡ ዘርካቡ፡ ማለት፡ ፍርቂ ርሳስ ወይ እናተወደኣት ብፅምኣዳ ዘሕጸሩዋ ፒሮ፡ ጭሪም ወረቓት፡ . . . ይሸልሙ ነበሩ። ዓቢ ሽልማት'ዩ ኣብ ግዜኡ።

እቲ ዝተሓለፈ ጉዕዞ ምዕባለ ስነ-ጥበብ፡ ከም ኩሉ ኣካል ናይ'ቲ ገድሊ፡ ብዙሕ ማሰናኸላት ዝሓለፈ'ዩ። ማሰናኸላት ጕላህ ሓሊፉ፡ ብተመኩሮ በሲሉ፡ ፍልጠት ምስ ተደረየ ድማ'ዩ ደሓር ናብ ጥርዚ ዝበጽሐ። ብየንቕሙ ግን ኣብቲ ብደረጃ ጋንታ ተኣኪቡ፡ መጋርያ ወሊዑ፡ ዝተዓደ ዝነበረ ናይ ክራርን ዝመጽኣልካ እትፈልጦ ሰውራዊ ደርፍን ህቡብ ደርፊ ሕብረተሰብን ዝተዓደ ምዝንጋዕ ኣነቓቓሕን ደባስን ነበረ። ክሳዕ'ቲ ከም ናይ ብዓል ዑቕባጋብር ደረጃ ዝበጽሐ ህርመት ክራር ድማ ኣብ ኣሃዱታት ንፉዓት ወቓዕቲ ክራር ተፈጢሩ። ኣብ ከቢ መጋርያ ደምጺን ስሒለን ብወዲ ዝደርፋ፡ ጀራጋን ኣልዒለን ዝደሰቓ፡ ዝዕልላን ዝዳን ድማ'የን ደሓር ናብ ጉጅለታት ባህሊ ዝተመርጻ።

ባህሊ፡ ቀንዲ ኣካል ቃልሲ ምኻኑ ኣብ ሰውራና ብኢጋኡ ዝተፈልጠ'ኳ እንተ ነበረ፡ ናብቲ ሰውራዊ ደረጃ ንኽበጽሕ ግን ነዊሕ መስርሕ ሓሊፉ። ካብቲ ፍልማዊ መድረኽ ዝቐጸለ ጉዕዞ ድማ'ዩ ኑቶም ክሰዕ ሕጂ ከም ሕላገት ባህላዊ ንጥፈታት ሃገርና ዝረኣዩ ዓበይቲ ተዋሳእቲ፡ ደረፍቲ፡ ሰኣልቲ፡ ቀባእቲ፡ መዚቀኛታት፡ . . . ዝፈረዩ። ዝኾነ መድረኽ ብዋዕኡ ምስ ዝንቡጦን ዝግጠምን ይስሕል'ዩ። ኑቲ መድረኽ ብምልኣት ዝወክል ዕዮ ጥበብ ድማ'ዩ ኑቲ ናይ ሓፋሽ ቃልሲ ኣብ ሓፋሽ ዘሰርጾ። "ስነ-ሓሳብ ኣብ ሓፋሽ ምስ ዝሰርጽ ናብ ነገራዊ ሓይሊ ይቕየር!" ዝበል ህቡብ ጭርሖ ቃልሲ ብሓፈሻ፡ ብመንገዲ ስነ-ጥበባዊ ዕዮ እዩ ዝያዳ ናብቲ ሓፋሽ ክሰርጽ ዝኽእል። ትምህርቲ ፖለቲካ፡ ዚ ክሰርጽ ዝቃለስ ከም ምኻኑ መጠኑ ንስነ-ጥበብ ከም ቀንዲ መሳርሒኡ ይጥቀመሉ። ትዝርብ ወዲልካሉ ብሓንቲ ካብ ህቡባት ደርፊ ሰውራ እስር ከተብሎ ትኽእል። ንበል፤

*ኣንበሳ በረኻ*

*ልኡኽ ሰላም ሽግ ስውንዋና*
*ሓቂ ዕጥቁ መዓንጣ ሃናና*
*ዘይትግረር ኣንበሳ በረኻ*
*ወጻዕ ህዝቢ ትጸበዮ ካባኻ*
*ፍትሓዮ'ቲ ጸገም*
*ሰቓይ ይደምደም*
*እቶ ንጉዲ ብደባል*
*ኣጣየሶ'ቲ ሓዳር።*

*በረኽ ኢኻ ከም መንገዳ*

## ስነ-ጥበብ መኸተ

*ተረር ኑበኡ ሰበሪ በረኸና*
*ዓጀብ ቅልጽም ጥወ ዳኒጋ*
*ኖር! ረም ረም! ትብል ከም ነጉዳ*
*ጸናዕ! መትከ! መትከ!*
*ሓቂ ነኽሶካ ብዲዶ*
*ኣንጸርንኮ ንዓብዮ።*

ነዛ ግጥሚ'ዘአ ምስ ኣንቢቡና ሓደ ዜማን ሓንቲ ዘያምቲን ኣብ ኣእምሮና ይቕጀል። ክትቀርብ እንክላ ስለ ዝሰማዕናያን ኣብ ወሽጥና ስለ ዝሰረጸትን ብዙሓት እንብርብሮ ታሪኽ ይህልወና። ስነ-ጥበብ የፈስ፡ የደንዝዝ፡ የናግዝ፡ የቐንዝ፡ የተካብ፡ የሕንን. . . ኩሉተይም ዓይነታት ስምዒት ክፈጥር ይኽእል። ከምኡ እንተ ዘይገይሩ፡ ካብ ተራ ዘረባ ዝፈልዮ ስለ ዘይብሉ፡ ስነ-ጥበብ ክስመ ኣይክኣልን። እዛ ደርፊ ኣብ 1986፡ ኣብ ኣራግ ተደሪሳ፡ ኣብርሀት ኣንከረ (ጓል ኣንከረ) ዝደረፈታ ህቡብቲ ሰውራዊት ደርፊ'ያ። ኣብ እዋን ገድሊ መን ገጣሚ፡ መን ዘያሚ ይፍለጥ ወይ ይግለጽ ኣይነበረን። ገለ ደርፍታት ድማ ብዙሓት ደረፍቲ ይደርፉዎ ነይሮም። እቲ ብምሉእ ብቐዓት ዝደረፋን ምስ ቅዱን ሕብሪ ድምጹን እትሰማማዕን ድማ ኣብ መወዳእታ ይብሕታ። ገጣሚ ናይዛ "ኣንበሳ በረኻ" እትብል ግጥሚ ደርፊ፡ ሰለሞን ድራር ምኻኑ ኣብታ "ኣይሞተን መርሃዊ" ዝሰመያ ኣብ 2025 ዝሕተማ መጽሓፍ ሰፊሩ'ሎ።

"ኣንበሳ በረኻ" ዝብል ናይ መኸተ ኣርእስቲ ንባዕሉ ንድሕሪት መሊሱ ምስቲ ኣብ መወዳእታ 60ታትን መጀመርታ 1970ታትን ናይ ዝነበረ ፖለቲካ ሓዘል ዜማታትና የተኣሳስረና። ሓንቲ ካብ ህቡባትን ደፋራትን ደርፍታት የማነ ጉብረሚካኤል "ኣንበሳ በረኻ" እትብል ነበረት። እዛ ደርፊ'ዘአ ኣብ ዓዲ ኣባይ ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ ምስ ወላዲኡ ግራዝማች ጉብረሚካኤል ብሰራት እውን ኣብ ከቢድ ምጉት ዘእተወቶ ነበረት። ምስ "ከዋኽብቲ መርሓብ" እንክሎ'ዩ ደሪሱዋ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ድማ ኣብ መድረኽ ኣቕሪብዋ። "ኣንበሳ" ምስ ረኣዩ እንዳ "ሰንሰርሺፕ" ኢትዮጵያ ናይ ንጉሶም ኣርማ ኣንበሳ መሲሉዎም ኣሕሊፋሉ። ኣብ ኣስመራ ግን ተኸልኪሉት። ወላዲኡ ኣካል ሰንሰር ስለ ዝነበሩ፡ ኣይትደርፋን ኢኻ በሉዎ።

"ኣብ ኣዲስ ኣበባ'ኳ ደሪፈያ እየ!"

"እዚ ግን ኣዲስ ኣበባ ኣይኮነን፡ ዝርድኡዎ ብዙሓት ኣለው።"

"ኖእ! ኣብኡ እንተ ቐሪባ ኣብዚ ዘይትቐርበሉ ምኽንያት የለን።". . .

እቲ ክትዕ ቀጺሉ፡ ኣይፈቐዱሉን። መዓልቲ ምርኢት ምስ ኣኸለ፡ መራሒ መደብ "ሕጂ ዝመጽእ ደምጻዊ ድማ እቲ ህቡብ የማነ ጉብረሚካኤል ኮይኑ፡ 'ኣንበሳ በረኻና ደሓንዶ ሓዲሩ፤' እትብል ደርፊ ከቕርበልና'ዩ" ምስ በለ ኣዳራሽ ብጣቕዒት ተመልአ፡ ኣቦይ ጉብረሚካኤል ግን ርእሶም ሓዙ። ገለ ክፋል ናይታ ግጥሚ ከምዚ ይብል፤

*ኣንበሳ በረኻ*

*ደምባርጃ ዘይብሉ፡ ኣብ ዱር ዝሓዱሩ*
*ደፋር ገዛዝ እዩ ደልዱል መሓውሩ*
*ብዘፈጥርኡ ግዙር ጀማት ሰራውሩ*
*ኣንበሳ በረኻና ደሓንዶ ሓዲሩ?*


*ኣሕሊፉ ዘይህብ ዝተዋህቦ ሕድሪ*
*ኣንበሳ በረኻ ቅቡእ ብፈጣሪ*

*ጀግና ናይ ጀጋኑ ናይ ጸገማት ዋልታ*
*ኣንበሳ በረኻና ይብጽሕካ ሰላምታ።*

*ኣብ በረኻና'ሎ ኣብ ዱር ኣብ ሰፈሩ*
*መን ኮንዩ ዝኸዶ ዚ ገዛዝ ደፈሩ?*

*ምድረሰማይ ይንቐንቕ ብዘርታዕ ደምጹ*
*ርእሲ ጸላኢኡ ዘትርፍ ቁረጹ*
*ጥይት ዘፍርሖ ጉራዴ 'ምኽር*
*ደኣዩ ገይሩ ደቂሱ ዝሓደር።*

*****




እቲ ደርማስ ዕቦዮት ካብ ባዶ ይጀመር ደኣ'ምበር፡ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝተፈላለዩ ሞያ ስነ-ጥበብ ዝበርዎም ሓያሲቲ ተሰለፍቲ ምስ መጽኡ፡ ንበዱተይም ተጋደልቲ ኣብ ምስልጣን ተዋፊሮም ኑቲ ደረጃ ክብ ኣብ ምባል ተሳቲፎም። ኣብ ለሚ ኳንካ ክትዝክሮ ዝኸበደ፡ ገለ ተጋደልቲ ተበላሒቶም ብዝሰርሑዎ ሓንቲ ክራር፡ ንሓንቲ ተጋዳሊት ተዓዚብካን ተወሂቦኣ ኣለሊኻን ኣብ ባህሊ ከተደምዕ ትኽእል'ያ ብምባል ናብቲ ዝምስረት ባህሊ ምምዳብ፡ ኣብ ከበኻ ብዘረኸበዮ ወሰን ጥረ-ዝጉር ከም መሳርሒ ብምጥቃም - ንኣብነት፡ ካብ ናይ ዝሞተ ገመል ወይ ብገለ ናይ ዝተሓርደ እንስሳ ቆርበት ገይርካ ኣብ ዝኣረገ ራሕብ ሽፊንካ ከበሮ፡ ድሪም. . . ብምስራሕ ዝጥቀማ ዝነበራ ዝበዝሓ ጉጅለታት ባህሊ፡ ደሓር እየን ናብ ምዕቡል መሳርሒታት መዚቃን ትምህርቲ መዚቃን ተሰጋገረን። እቲ ውድብ ብሓፈሻ፡ ባህላዊ ንጥፈታት ገድልን ሓፋሽን ቀስ-ብቐስ እናማዕበለ ከም ዝኸይድ'ዩ ገይሩ። ኣብ ኩሉ መድረኻት ድማ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ዝከኣሎ እናኣበርከተ፡ ብሞያውያን ተመሪሑ ሞያ እናኣጥረየ፡ ኣብ ንሓድሕዱ እናተኻትዐን ሓሳባት እናተለዋወጠን ሰጢሙ ተጓዕዘ።

ግብራዊ ትምህርትን ስልጠናን ስለ ዝተዋህበ ድማ እቲ ምዕባለ ከየባተኸ ጫፍ በጽሐ። "ኣጉዳስትትን ተራን ስነ-ጽሑፍ ኣብ ሰውራ ንምብራህን ወፈያ ስነ-ጽሑፋዊ ስራሓት ንምብርባርን ብመጽሔት ይኹን ብሰሚናራት፡ ብተደጋጋሚ ተጻሒፉሉን ተዘሪቡሉን'ኳ እንተኾነ፡ ከምቲ ዝድለ ውጽኢት ይሀብ ከም ዘየለ ንኹሉ ብሩህ'ዩ። በንጻሩ ግን ኣብ ሰውራናን ሕብረተ-ሰብናን ዝመጽእን ዝተዓደን ዘሎ መስተንክራዊ ምዕባለን ሰር በዙኻዊ ለውጥን፡ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብ ሰዓት ናብ ሰዓትን ካብ ደቒቕ ናብ ደቒቕን'ውን ክይተረፈ ብቐልጢፉ ፍጥነት ይጉዓዝ ከም ዘሎ ኣየካትዕን። ክንዲ ዝኾነ ድማ ኑቲ ስነ-ጽሑፋዊ ስራሓት ናይ ምስፍሕፋሕ ጠለብ ብዝያዳ ደሙቓን እዋናውን ይጉብር።" ይብል እቲ ብክፍሊ ፖለቲካዊ ምንቅቓሕ ህዝባዊ ግንባር ኣብ መእተዊ "ስነ-ጽሑፍ ኣመዓብልኡን ተራኡ ኣብ ሰውራን" ዝብል ኣብ 1982 ዝተጻሕፈ ጽሑፍ።

እዛ ጽሕፍቲ'ዘአ ኣብ 2017 ዳግማይ ተሓትመት። ኣብ "መእተዊ ንዳግማይ ሕታም" ድማ ብኣለምሰገድ ተስፋይ ዝቐረበ ጽሑፍ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፤ "ስነ-ጽሑፍ፡ ኣመዓብልኡን ተራኡ ኣብ ሰውራን" ብ1983 ኣብ ኢድ ኣንበብቲ ምስ በጽሐት፡ ኣብ መንጎ ደረስትን ካልኦት ሰራሕተኛታት ባህልን ጥራይ ዘይኮነት፡ ኣብ መላእ ውድብ ብዙሕ ተቐባልነት ረኺባ፡ ኣብ ኩሉ ኣሃዱታት'ውን ከም ኣካል ምዱብ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ተነቢባ ክትዕ ተኻይዱላ። እግሪ እግራ፡ ንኣብነት ዝኾውን ሓጸርቲ ዛንታታት ካብ ዝተፈላለየ ምንጮታት - ክላሲካውን ሰውራውን - ተተርጊሙ ስለ ዝቐረበ፡ ንትሕዝቶኣን መልእኽታን ግብራዊ መሰሃይታ ኮይኑ። ኣብ 1984-1985፡ "ኣብ ትሕተ'ታ ዓባይ ጎቦ" (ናይ ምክኤል ኣዶናይ)፡ ከምኡ'ውን "ወዲ-ሓደራ ካብ ባድመ ናብ ሳሕል" (ናይ ኣለምሰገድ ተስፋይ) ዝበሃላ መጻሕፍቲ ስለ ዝተሓትማ፡ ኣብ ወሽጢ ሜዳን ካብ ተመኩሮታት ተጋደልትን ስነ-ጽሑፋዊ ኣበርክቶ ክፍልፍሉ ዝኽእል ማዕጾ ተኸፍተ።"

ብምስረት እቲ መግለጺ፡ ጸልዋ ናይታ ጽሕፍቲ ዝያዳ ዝጎልሐ፡ ካብ 1985 ክሳብ 1988 ኣብ ዝተኻየደ ሰለስተ ናይ ስነ-ጽሑፍ ውድድራት ነበረ። "ኣብ ዝሰዓበ ዓመታት (ክሳብ ድሕሪ ናጽነት) እናተራቐቑን እናዓበዩን ዝመጹ ደረስቲ ተጋደልቲ ዝተሰለፉሉ ውድድራት፡ መትከላት ማሕበራዊ ክውንነት ኣብ ስነ-ጽሑፍ ብዝተፈላለየ መልክዖቱን ናይ ጥበብ ክብሪስጠቓቱን ቀረበ። ሳልሳይ ውድድር ስነ-ጽሑፍ ኣብ ዝኾነሉ ርክብ (1988)፡ ካብቲ መፍለዪ ወይ መለለዪ ብሉጽነት ተባሂሉ ዝተዋህበ ረቛሒታት እቲ ቐንዲ፡ ስነ-ጽሑፍ ቀጥታዊ ወይ ጋዜጣዊ ጸብጻብ ናይ ፍጻመታት ክኸውን የብሉን ዝብል'ዩ ነይሩ። ብዝተወሳኺ፡ ሓደ ፈጠራዊ ጽሑፍ ከም ወግዓዊ ርእይቶ ዘይኮነስ ከም ስምዒትን ስነ-ጥበባዊ ምህዞን ደራሲ ጥራይ ክርአ ኣሎዎ ዝብል ስለዊ ተመሓሊሉ" ይብል።

ኣብ መዚቃ፡ ደርፊ፡ ቅብኣ፡ ስእሊ፡ ተዋስኦ፡ ስነ-ጽሑፍ፡ . . . እቲ ናይ መኸተ ቅኒት ተደማሚሩ ኑቲ ነገራዊ ሓይሊ ፈጢሩዎ'ዩ። እዚ ነገራዊ ሓይሊ'ዚ ድማ በቲ ወተሃደራዊ ዓወታት ተደሪዑ ኑቲ ዕላማ ክዉን ገበሮ። ናይ ቃልሲ ቀንዲ ዕላማ ናጽነት ነበረ። ናጽነት ድማ ኮነ። ናጽነት ምስ ኮነ ናይ ናጽነት ስነ-ጥበብ ፈልፈለ፤ ክሳዕ'ቲ ብወረር ዝተቐጸየ ናይ ናጽነት ሕጽኖት ድማ ዝተፈላለየ ዛዕባ ሓዘል ደርፍታት ውሒዙ። ኣብ መኸተ ልኡላውነት ምስ ተኣትወ ድማ መኸተ ዝበርሀ ስነ-ጥበብና ማዕበል መኸተ ፈጠረ።

*ናጽነት'ዩ ክብረት*

*እንታይ ምኳና ዓለም ለሚ ፈሊጠዮ*
*ትርጉም ናይ ምንባር ኣስተማቒረዮ*
*መቕረቱ ዓለም ለሚ ፈሊጠዮ*
*ጸገምን ጸበባን ኣይረዕ ኢለዮ።*

*ናጽነት ዓወት'ያ ሒዝካ ዘይትፍኖ*
*ዝኸበረ ህያብ ሰላም ዘይትምኖ*
*ናጽነት ፈለግ'ያ ናይ ሰላም ማሰረት*
*ፈሳሚት ኩሉ ናይ ሰራሕ ኣብነት፤*
*ናጽነት፡ ናጽነት፡ ናጽነት'ያ*
*ክብረት።*

*ናጽነት ሃገር'ያ ሓቒፈት ኣደ*
*ከም ፍቕሪ ወላዲት ህጻን ምስ ተወልደ*
*ናጽነት'ያ ፍትሒ ሓቀኛ ሚዛን*
*ምኽባር እወ ዘይፈርስ ቃል ኪዳን።*

*ናጽነት'ያ ሓይሊ መደላደሊ*
*ናጽነት ክብርቲ ዋጋኣ ማሰሞእቲ*

*ናይ ሰማይ ዕዝቦ ናይ ተፈጥሮ ኣዲንቲ*
*ኣብ ልዕሊዩ ዘለኽን ወርሒ ጸሓይ*
*ከዋኽብቲ*
*ማሕረሰይ ኢኽን 'ተመጻ ሓታቲ*
*ተቐንጠጡ'ዩ በልኦ ተካል ጸሎም ለይቲ*
*ጸሓይና በሪቑ ምሸትና ኮይኑ መዓልቲ።*

***የማነ (ባርያ) ገብረሚካኤል***

## ኩርናዕ ግጥሚ

**ቱታ! ቱታ!**

ሓጺንየ በሉም ዘይፍለጽ
እምባየ በሉም ዘይጉቶጽ
ዕረየ በሉም ዘይምወጽ።

**ቱታ! ቱታ!**
ምሳይ ዝተቓለሰ ናብ ምድሩ
ምሳይ ዝሓምበሰ ናብ ባሕሩ
ምሳይ ዝሰሓነ ናብ ጓህሩ።

**ቱታ! ቱታ!**
ዘይቀርጠመሎም ሓጺን ዒረ
ዘይስተየሎም ደቃ ዕረ
ማሕለኻ ሰቢኡት ከም ሰበረ
ንጸላእተይ ዘበሎም እንታይ ጌረ።

**ቱታ! ቱታ!**
ዓበለሎም ኣነ ዓበለሎም
ኑቶም ኾሸል ኣነ ድዐሎም
ኑቶም ቃጭል ኣነ ደወሎም
ኑቶም ኣትማን ኣነ ገዘሎም።

**ቱታ! ቱታ!**
ሰለፈይ ዱላ
ልበይ ደልዳላ
መሻበር ጸላእተይ
መሐገስ ኣሕዋተይ።

**ቱታ! ቱታ!**
ሰማይ ሰማይ ዝበርር ከም ኣሞራ
ሩባ ሩባ ዝኸይድ ከም ዘጋራ
ክወፍር ጥይት ዓኸተ
ክኣቱ ኣንበሳ ጉቲተ።

**ቱታ! ቱታ!**
ቀጢን ከም ስልኪ
ደፋር ከም ትኪ
ከይተንከፍኪ ዘይትንኪ
ምስ ተንከፍኪ ደም ዝለክ።
**ቱታ!**

**ምንጪ፤ "ማዕበን መልቀስን ቀዳምት"**

ሪፖርታዥ

# ወግዓዊ ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

ወግዓዊ ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ግንባር፡ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ሓለፍቲ ማሕበራት፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ዕዱማትን ኣብ ዝተረኸብሉ ብኸብ ዝበለ ደምቀት ብ24 ግንቦት 2026 ኣብ ኣስመራ ስታድዩም ተኻይዱ።

ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ልክዕ ሰዓት 4:30 ናብ ቦታ ጽንብል ምስ ኣተው፡ ኩሉ ዕዱም ካብ ኮፍ ዝበሎ ተንሲኡ፡ ክሳብ ናይ ክብሪ ቦታኡ ዝሕዝ ብድሙቕ ጣቕዒትን ዕልልታን ኣሰንዩዎ።

ናይ ሎሚ ዓመት ወግዓዊ ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ ኑዩም ዝ. ብርሃን ምእንቲ ክንርአ. ክብርቲ ህይወቶም ዘወፈዩልና ሰማእታት ብምዝካር እዩ ፈሊሙ።



ብድሕሪዚ፡ ኣቦ መንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ኣምባሳደር ዘመደ ተኽሉ ንዕዱማት እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ "ዚ. በዓል ይምጥን እዩ ዝበልናዮ ስዕጥቦውን ወተሃደራውን ምርኢት ንምቕራብ ንኣዋርሕ ዝወሰደ ልምምድ ክግበረሉ ጸኒሑ እዩ። ብዙሓት ክኢላታት በዘዋውዶም ዝ. ምርኢት ንምድማቕ ረዚም ኣፍሲሶምሉ እዮም። ንኹሎም ሓገዝም ዘበርከቱ ድማ ልባዊ ምስጋና ይብጽሓዮም።" ኢሉ። ቀጺሉ ድማ ንክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ነቲ ክቡር መዓልቲ ኣመልኪቱ ቃል ክሰምዕ ዕድመ ኣቕረበ።

(ምሉእ ትሕዝቶ ቃል ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ 2ይ ገጽ ሰፊሩ ኣሎ።)

ናይ ሎሚ ዓመት በዓል ናጽነት፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ እዩ ብልዑል ደምቀት ኣብ ወሽጥን ደገን ብዝርከቡ ኤርትራውያን ብዝተፈላለዩ ኣገባብ ክጽንበል ቀንዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ጽንዓት ሓደ ካብ ቀንዲ መለለዪ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ሳላ ዝጸንዐ ድሕሪ ናይ ኣስታት ሓደ መዋእል ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ፡ ብቕልጽሙ ናጽነቱ ኣምጺኡ እዩ። እወ ሳላ ጽንዓቱ ልኡላውነቱ ኣብ ምዕቃብ ተዓዊቱ። ሳላ ጽንዓቱ ክንደይ ማዕበያት ሰጊሩ ንጹላእቱ ኣላሸ ኣቢሉ። ሳላ ጽንዓቱ መን ምዃኑ ንህዝቢ. ዓለም ከርአ. ክኢሉ።


ኤርትራ ሎሚ ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነታ ኣይኮነትን ዘላ። "እታ ውልዶ ሃገር"፡ "እታ ሓዳስ ሃገር"፡ ... ድሕሪ ሕጂ መግለጺ. ኤርትራ ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም። ከም'ቲ ኣብ ፈለማ እዋን ናጽነትና እንሰምዖም ዝነበርና - "ኤርትራ ሓዳስ ኣባል ዘበውያንን ኣህጉራውያንን ውድባት ኮይና" ዝብሉ ዜናታት ድሕሪ ደጊም ኣይክንሰምዖምን ኢና። ከመይሲ፡ ኤርትራ ዳርጋ ኣብ ኩሎም ዘገድስዋን ዝምልከቱዋን ውድባት ቀዋሚት ኣባል ካብ እትኸውን ልዕሊ. ሰለስተ ዕቝዲት ሓሊፎም እዮም።

"ኤርትራ ብኸመይ ናጽነታ ከም ዝረኸበት መረጋገጺ. ክንረኽብ ኣይከኣልናን።" ዝብሉ ተልመዴን ፖለቲከኛታት ተመሊሶም ንዝሕ ርእሶም እዮም ኣብ ትዕዝብቲ ኣውዲቖምዋ። ህዝቢ. ዓለምሲ. ኤርትራ ቀድሚ 35 ዓመታት ናጻ ሃገር ከም ዝኾነት ስለ ዝፈለጠ፡ ብመንገዲ መራሕቱን ወከልቱን ኣቢሉ ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነትና ንመንግስትን ህዝብን ኤርትራ የዋናኡ ገለጹን ጎና ኣብ ምግላጽን እዩ ዝርከብ ዘሎ። ውድባት ሕቡራት ሃገራት እውን ብዋና ጸሓፊኡ ኣቢሉ የዋናኡ ገሊጹ እዩ።

ኣብ'ታ ክብርቲ ዕለት፡ ስታድዩም ኣስመራ ካብ ሰዓት ክልተ ድሕሪ ቐትሪ ኣትሒዙ እዩ ብዕዱማት ቅጽጽ ኢሉ ነይሩ። ዕዱማት ክሳብ ወግዓዊ ምኽፋት ክይተጸበዩ፡ በቲ ኣብ ስታድዩም ዝሰማዕ ዝነበረ ንትሽዓት ብሄራትና ዘንጸባርቕ መዚቃ ተሃናዖም ኣብ ምውጻእ ተጸሚዲዖም ነይሮም።

ካብቲ ብዙሕ ጻዕሪ ዝተገብረሉ ስነ-ጥበባዊ ምርኢት ፈለማ ዝቐረበት ደርፊ፡ "ክሓልፍ'ዩ ኩሉ" ዝርእስታ ናይ መንእሰይ ደምጻዊ ኣቤል ክፍሎም እያ ነይራ። "ኩሉ ሓሊፉ ብሶላ እቲ ዘይጻዓድ ህዙብን ርሑቕ ዝጥምት ጽኑዕ መራሕነትን" እናበለ ድማ ንዕዱማት ብሓገስ ኣሰራሰሩ።

ብመሰረት እቲ ዝወጸአ መደብ፡ ቀጺሉ ዝቐረበ ወተሃደራዊ ሰልፊ እዩ ነይሩ። ንኣባላት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ሓይሊ. ባሕሪ፡ ሓይሊ. ኣየር፡ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ... ብሓፈሻ ንኹሉ ኣባል ሓይልታት ምክልኻል ዝውክል ስሙር ሰልፊ እዩ ተንጸባሪቑ። ስጡም ሰልፎም ንጥሙትን



ሓደኽንቶ ህዝቢ ኤርትራ ዘመልከት ነይሩ።

ሰልፈኛታት ተረኺቦቲ ሕድርን ተርጎምቲ ናጽነትን ምዃኖም ኣመስኪሮም። ንሳቶም ከም ንስሪ ርሑቕ ዝግዕደው. እዮም።

ዕዱማት፡ ንሰልፈኛታት ደው ኢሎም ብዕልልታን ብጣቕዒትን ኣሰንዮምዎም። ሓደ ልቢ. - ሓደ ህዝቢ፡ ሓደ ስጉሚ - ሓደ ሕልሚ፡ ሓደ ውራይ - ሓደ ራእይ፡ ሓደ ዓውዲ - ሓደ መኣዲ፡ ሓደ ናህሪ - ሓደ ክብሪ፡ ሓደ ጽላል - ሓደ ሓይሊ፡ ... ዘለዎ ህዝቢ. ብዋንጃም ዝድፈር ኣይኮነን።

ስታድዮም ኣስመራ ብጠንዴራ ኤርትራን ኣርማ ህዝባዊ ግንባር ጥራይ ኣይኮነን ተሰሊሙ ነይሩ። መግለጺ. ሰናይ ዘመን ብዝኾኑ ዕንባባ ሰፍ እውን ወቒቡ ነይሩ።

ዝተፈላለዩ ጭርሖታት ድማ በቶም ንኣዋርሕ ዝተለማመዱ ተመሃሮ ብመልክዕ ምስሊ. ይንጸባረቕ ነይሩ። ገለ ካብ እቶም ጭርሖታት፡ "የቐና ናጽነትና!"፡ "ኣገናዕ ጅግና ሰራዊትና!"፡ "ጽንዓትና ዋሕስና"፡ "ቀይሕ ባሕርና ዝኸበረ. ቅርስና"፡ "ህዝቢ. ሓደ ልቢ፡ ብልቢ.!"፡ "ባሕርና ብደምና!"፡ "መኸተ ንልኡላውነትና!"፡ "የቐና ናጽነትና!" ... ።

ብድሕሪ ሰልፈኛታት፡ ስነ ጥበባዊ ምርኢት እዩ ቐጺሉ። ደምጻዊት ፈሩዝ



ሕድር ከኣ፡ ብዝሳሃይታ ተሰንያ፡ "ኬማ" (ትግራይት) ዝርእስታ ብልጽቲ ደርፊ ኣቕረባ።

ንዕኣ ስዒባ ህብብቲ ሱዳናዊት ደምጻዊት ናዳ መሓመድ ዑስማን "ሽኩረን ኤርትራ" (ዓረብኛ) ዝርእስታ ደርፊ ብምቕራብ ነቲ ሃዋህው ፍሉይ ደምቀት ወሲኻትሉ። ትሕዝቶ ናይታ ደርፊ፡ ኣብ ስእምታ ህዝቢ. ሱዳን ናብ ህዝቢ. ኤርትራ ዘተኩረ እዩ። ንሳ፡ "ህዝቢ. ኤርትራ ኣርማ ሓበንን ጽንዓትን" ክትብል ሞጒሳ፡ "ህዝቢ. ኤርትራን መራሕነቱን ኣብ ሓገዛናን ሽግርናን ኣብ ጐድንና ደው ስለ ዝበልኩም ከምኡ እውን ንታሪኻዊ ዝምድናን ጕርብትናን ብምዕቡእ ዝሓለኹም፡ ..." ብምባል ከኣ ምስጋናኣ ገሊጻ።

መእተዊ መዝሙር ንስነ ጥበባዊ ምርኢት ድሕሪ ምቕራቡ ከኣ፡ ደምጻዊ መንግስተኣብ ገብረገርግሽ፡ "ናሲ" (ኩናማ) እተሰምዮት ደርፊ ሐዚሉ ደቢኽ ኢሉ። ንዕኡ ሰዒቡ፡ ደምጻዊ ሙሴ ዞርያስ፡ "ኣረብረብ." ዝርእስታ ደርፊ ኣቕረበ። ንሱ ህዝቢ. ኤርትራ ንጸላእቱ የረብርብ እምበር፡ ንባዕሉ ከም ዘይርብርብ ብምስጣ. ሕደማን ዜማን ገሊጹ።

ደምጻዊ ረሺድ ሐሴን፡ "ዕሱበት ሌዳር" (ዓፋር)፤ ደምጻዊ ሙራድ ፍስሃጽ፡ "ይሓዘው ሓዘው" (ትግራይት)፤ ደምጻዊ ኣሕመድ መሓመድ እድሪስ፡ "ኦማን ጊግኣብ" (ብዳወየት) ከምኡ እውን ደምጻዊት ሳባ ዓንደማርያም፡ "ኣፍ ኣወጺኡ" ... ኣከታቲሎም ብሉጻት ደርፍታት ብምቕራብ ንዕዱማት ብዘየዳኢ ኣሰራሰርዎም።

ግጥማዊ ሞኖሎግ "ደንደን" ብደራሲን ኣላዪን ኤፍሬም ካሕሳይ ዝተገጥመት ኮይና፡ ብሰልጠንቲ ዓውድታት ድራማ 2026 ዝቐረበት ነይራ። ብሓቂ እታ ግጥሚ ንልብን ቀልብን ተዓዚበቲ ብዘየዳኢ ተንኪፋ ኢያ። እቶም ነታ ግጥሚ ዘቕረቡ መንእሰያት ከኣ፡ ናይ ሓያሎ ዓመታት ተመኩሮ ዘለዎም እምበር፡ ሓደስቲ ሰልጠንቲ ተዋሳእቲ ኣይመስሉን እዮም።

ብዙሓት ስነ ጥበበኛታት ሃገርና ንህዝቢ. ኤርትራ ንሓድነቱ፡ ትብዓቱን ብልሑን ንምግላጽ ብንህቢ፡ ገመል፡ ኣንበሳ፡ ጸጸ ገማሪ ... ክምስልዎ ሃቂኖም እዮም። ንህዝቢ. ኤርትራ ብልክዕ ንምግላጽ ምሕር ከቢድ ምዃኑ ግዱ ካብ ማንም ንላዕሊ. ስነ ጥበበኛታት ይፈልጡ እዮም። ዕምቈትን ስፍሓትን ምስጢር ሓይሊን ሓድነትና ገና ኣይተበጽሐን ዘሎ። ገና ምርምር ዝሓትት ምዃኑ ከኣ ኩዩ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ደምጻዊ ግርማጼን ገብረእየሱስ ተራኡ ምስ በጽሐ፡ ተሳሃይቱ ኣኽቲሎን ብተመሃሮ ማማቒን "ኤርትረያ" (ብሊን) ዝርእስታ ደርፊ ሐዚሉ ተቐልቂሉ። ሳሚኤል ተከኤን ሰምሃር ገብረየሱስን እውን ብሓባር፡ "ሸዓብ" (ዓረብ) እትብል ደርፊ ሐዚዎም ብምቕራብ፡ ነቲ ተረኻቢ. ሕድርን ሰራሒ. ቅያን መንእሰይ ኤርትራ ዝዀነ ክብሪ ህያዋ እዮም።

ደምጻዊ መሓሙድ መሓመድ ኣጋር፡ "ሀርያት ኩርባ" (ናራ) ዝርእስታ ደርፊ ሐዚሉ ብፍጥነት ምስ ተሳሃይቱ ኑቲ ሜዳ ብምቕጻጻር፡ ንተዓዘብቲ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ብቐጸበት ክንቀሳቐስ ተዓዊቱ እዩ።

ንዕኡ ሰዒቡ ዝመጸአ ደምጻዊ ቴድሮስ መንግስቱ፡ "ዓይኒ ዓለም ዓደይ" እትብል ደርፊ ሒዙ እዩ ቀሪቡ። "ኣይትምጽኣኒ ብዘሌን ዓይነይ" እናበለ ድማ ህዝቢ. ኤርትራ ብዓዱን ብዓይቱን ንዝመጽኦ ከም ዘይጻወር ጕረሮኡ ስሒሉ ንተዓዘብቱ ኣነቓቒቑ።"

ብድሕሪዚ. መብራህቲ ስታድዮም ኣስመራ ክወላዕ ስለ ዝተረኽየ፡ ዕዱማት እቲ ምርኢት ናብ ምዛዛም ገጹ ይቀራረብ ከም ዝነበረ ክግምቱ ኣይተጸገሙን። ግምቶም ድማ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይነበረን።

ደምጻዊ ዓብደላ ዑመር፡ "ኣርሒባ" (ሳሆ)፡ ደምጻዊ ካልድ ዑስማን "ወላድ ሳልሕ" (ትግራይት) ከምኡ እውን ደምጻዊት ፈቨን ጸጋይ፡ "ሓደ ልቢ." ዝርእስተን ደርፍታት ኣከታቲሎም ኣቕሪቦም።

ብድሕሪዚ፡ "ተወለ መሸተን ልምዓትን ኣብ ሰለስተ ዕቝድ" ዝርእስታ ስነ ጥበባዊት ምርኢት ቀሪባ። ዛ ምርኢት ዝወሓ ግዜ እዩ ተዋሂቡዋ። እቲ ምንታይሲ፡ ህዝቢ. ኤርትራ ካብ ፈለማ ናጽነት ክሳብ ሕጂ ማእለያ ዘይብሎም መሰናኽላት ከም ዝገጠምዎን ብዓቕሉን ብብልሓትን ደሰዮርም ከም ዘሎን ብዘየዳኢ ከተንጸባርቕ ፈቲና እያ።

ናይ መዛዘሚ ደርፌ ናይ እቲ ክቡር ጽንብል፡ "ሓበን ወለዶታት" ዝርእስታ ኮይና፡ ብደምጻውያን ቃልኣብ ተወልደመድህን፡ ረዘ ኣለም፡ መልኣከ ኣብርሃምን ኣብርሃም ኣለምን ዝቐረበት ነይራ።

ብድሕሪ እዚ. መደብ ምትኳስ ርሸት እዩ ሰዒቡ። እቲ ንሓያሎ ደቓይቕ ዝቐጸለ ምትኳስ ርሸት ብሓንሳእ ነቲ ጸልማቱ ዝበረ ሰማይ ናብ ቀትሪ ዝተቐየረ ኣምሲልዎ። እቲ ፍሉይ ሃዋህው፡ ኣብ ኣድማስ ዘለዉ. ኩሎም ከሞኽቡቲ ተኣኪቦም ኣብ እዛ ምጭውቲ ሃገር ከም ዝዳለቡ ከም ዝስማዖ ናይ ምጥቃር ዓቕሚ ነይሩዎ።

ናጽነትና ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን እተሰጋገርናሉ ዕለት እዩ። ክንዲ ዝኾነ እቲ ሽዑ ዝተራእየ ብርሃን ርሸት ሓደ ካብ መግለጺታት ናይቲ ብኻድሻይ ህዋስ ጥራይ ክስተማቐር ዝኽእል ናጽነትና እዩ። ኩሎም ዕዱማት ናይ እቲ ዕለት ከኣ፡ ሞባይሎም ኣውጺኦም ኣብ ምስናዱ ተጸሚዶም ነይሮም።

'ጥዑም ኣይጽገብን እዩ' ክብሃል ብተደጋጋሚ ይሰማዕ እዩ። እቲ ናይ ብሓቂ ጥዑሚ ዝነበረ ወግዓዊ ጽንብል ናጽነትና፡ ብመሰረት እቲ ዝወጸኣሉ መደብ ክዛዘም ግድን ኮይኑ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኩሉ ዕዱም ካብ ኮፍ መበሎኡ ተንሲኡ ሃገራዊ መዝሙር ብምዝማር፡ ነቲ ብሰላም እተጀመረ መደብ ብሰላም ዛዚምዎ።





# ጽንዓትና ዋሕስና!

## ወግዓዊ ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት
















ዲዛይን & ስእሊ:-ታእዛዝ ኣብርሃ
ኣክሊሉ ዘርኣዝጊ
ሳልሕ ዓብደልቃድር
ኣብርሃም በየነ

# ጽንዓትና ዋሕስና!

## ወግዓዊ ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት













ዲዛይን & ስእሊ-ታእዛዝ ኣብርሃ
ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ሳልሕ ዓብደልቓድር
ኣብርሃም በየነ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ናትናኤል ምሕረትኣብ ሃብተስላሴ ምግል ተረፉ፥ ናትናኤል ምሕረትኣብ ሃብታይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ለምለም ተስፋሚካኤል ብርሃ፥ ሓፍተይ ኣለም ተስፋሚካኤል ብርሃ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ህሉዋት ኣሕዋተይ 3 መውትቲ ተተኪኦቲ 12 ደቆም ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

1.ዮማ ኣብርሃ ጎፉር 2.ሸዋይሽ በርሀ ተሰፋገርጊሱ ነፍ/ሳራ ተሰፋገርጊስ ወልደሰላሴ ብህይወት ኣብዘ ዓለም ከሎ ብዕለት 28/02/2011 ናይ ህያብ ውዕል ገይረናለይ 4 መሰኻኽር ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ምም/06 ጎደና 720 ነበር ትራብሎ ብቁ/ምስክር ወረቐት 106522 መወከሲ ቁጽሪ 109214 ቁጽሪ ሎታ 82 ፓርቸላ ዞን A;3 ቀንዲ ክፍልታት 2 ሓገዝቲ ክፍልታት ዋኽታ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ንዓና 2 ኣመልኪቱ ከም ኡ'ውን ኣበ ኣብርሃ ጎፉር ንብረትና ክኸውን ዝሃቦ ኑዛዜ ብውሳኔ ክጸድቀልዩ ስለ ዝበሉ፣ዝ ቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ኣድያም ሓድሽ ተኽለማርያም፡ ተኸሳሲ ደበሳይ ምሕረትኣብ በራኺ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋቢያ ቁ.38 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ሰለማዊት ካሕሳይ ሓጎስ፡ ኣደይ ኣብርሃጼን ኣብርሃም ተኽለ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

1.ወራ/ፍ ጸጋ ደስታ ንጉሰ 2. ሰሚር ሮቤርጸዮን በዩ፡ ዓዩይ ካሕሳ በራኺ ወልደሰላሰ ስለዝዋረፈት፡ 4 ደቃ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ መድህን ኣርኣያ ተኽሉ፡ ስም ኣደይ መብራት ኣርኣያ ተኽለ ምግል ተረፉ፥ መብራት ኣርኣያ ወልደጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/መሰል ሳሙኤል ኣስፍሃ ጸገዘኣብ፥ ብፍ/በ/ዕዳ ኣሌክሳንደሮ ቦቨር፥ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ፈጸሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ኣቶ ኣማኑኤል ተስፋይ ገብረመድህን፥ ኣዴና ኣቕላሰያ ወልደገርጊስ ሰመረ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ጸገርማን ተወልደብርሃን ወልደሰላሴ፥ ወደይ ኣብል ኪዳ ተኽለ ስለዝዘሰወአ፥ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

የማነ ወረደ ገብረእግዚኣብሄር፥ ስም ኣደይ ሃይማኖት ገብረብርሃን ገብሩ ምግል ተረፉ፥ ሳራ ገብረብርሃን ገብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ራሄል ረዳእ በርሀ ምግል ተረፉ፥ ሃና ረዳእ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ እምባወርቅ ገብርሂወት ገብረመድህን፥ ብዓል ቤተይ መም/ ተኽለሃማኖት ተስፋዝጊ ብርሃ ስለዝዘሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሰረቐ መሓሪ ተወልደ፥ ኣዴና ዝፋን ተስፋጊዮርጊስ ሰቋር ስለዝዘሰወኣት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኤልሳ ሮቤርጸዮን መዘንግዕ ተኸሳሲ ኣቶ ቴድሮስ ኃይም ህያብ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ሮግበ ተወልደ ገብረህይወት፥ ስም ኣደይ ኣሰገደት/ኣሰገደ ገብረኪዳን ሃይለ ምግል ተረፉ፥ ኣሰገድ ገብረኪዳን ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣሚናዳብ ሳሙኤል ተስፋዝጊ ምግል ተረፉ፥ ኣሚናዳብ ዳዊት ግርማጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ሊንዳ ምሕረትኣብ በርሀ ምግል ተረፉ፥ ሊንዳ ነጋሲ እምባዬ ረዳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ሃብቶም ሞባዝጊ ዓንዱ ምግል ተረፉ፥ ሃብቶም ተስፋእዝጊ ዓንዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ሉተኺዳን መሓሪ ኣድሓኖም፡ ስም ብዓል ቤተይ በረሁ ወልደሰላሴ ክፍሉ ምግል ተረፉ፥ በረሁን ወልደሰላሴ ክፍሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ካርሊ ኣንጀሎ ሚካኤል ምግል ተረፉ፥ ኣንጀሎ ካርሊ ሚካኤለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ፍረወይኒ ዓንደማርያም ገብረሚካኤል ምግል ተረፉ፥ ፍረወይኒ ዓንደማርያም ጊላሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ገኑት ሰዩም ኣብርሃ፥ ኣደይ ግደይ ተስፋማርያም ገብረመድህን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

የዕበዮ ዑቕባሚካኤል ሓጎስ፥ ኣደይ ብሪ ይኩተም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

የዕበዮ ዑቕባሚካኤል ሓጎስ፥ ኣቦይ ዑቕባሚካኤል ሓጎስ ስለዝዋረፈ፥ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

እየብል ተስፉ የውሃንስ ምግል ተረፉ፥ የብል ተስፉ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣበባ ነጋ ክፍሉ፥ ኣቦይ ነጋ ክፍሉ ዘርኤን ኣደይ ሂወት በርሀ ሃይለሚካኤልን ስለዝዋረፉ፥ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፋጥና የኑሱ ስም ብዓል ቤተይ ስወእ ዓብደልባቒ ካሕሳይ ዓብደልባቒ ምግል ተረፉ፥ ዓብደልባቒ ካሳ ዓብደልባቒ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጸጋ ኣስማዒሎ ወልደሰላሴ፥ ኣዴና ሉተኺዳን ገብሩ ክፍለ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይን 1ተተካኢትን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ነጋሽ ኢያሱ ዓንደሚካኤል፥ ብዓልቲ ቤተይ ሳቤላ የውሃንስ ጊላሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ዘውዲ ግደ ሰለሞን ምግል ተረፉ፥ ሰላም ግደ ሰለሞን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ገኑት ክፍሉ ኪዳነ ምግል ተረፉ፥ ገኑት ክፍለ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኤፍሬም በረኸትኣብ፥ ተኸሳሲ ዳንኤል ክፍላይ፥ ኣብ ልዕሌኻ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ዘውዲ ካሕሳይ ጊደይ፥ ብዓል ቤተይ ፍትዊ ተኽለ ኣብርሃ ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 10 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሊያ በረኸት የውሃንስ፥ ብዓል ቤተይ ታደሰ ርእሶም ኣውዓሎም ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ቢንያም የናስ በርሀ ምግል ተረፉ፥ ቢንያም ሃይለ ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ተጸዋዕቲ ወረ/ፍ ዘይኑ ዓሊ ዘይኑ፥ ዝበይዳ ኢብራሂም፡ ዘማዝም ዘይኑ ዓሊ፥ ሰሚራ ዘይኑ ዓሊ፥ ዓብዱ ዘይኑ፥ ብኸሳሲ የሰፍ ሓጎስ መሓመድኑብርሃን፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

የርዳናስ ኢያሱ ገብረክርስቶስ፥ ብዓል ቤተይ ገብረመድህን ክብሮም ሃይሉ ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ክብረኣብ ሃብቱ ኣስፍሃ ምግል ተረፉ፥ ክብረኣብ ሃብተስላሴ ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ኣርያም መርሃዊ ሃብቱ ምግል ተረፉ፥ ኣርያም መርሃዊ ሃብተስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ካሌብ መርሃዊ ሃብቱ ምግል ተረፉ፥ ካሌብ መርሃዊ ሃብተስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ኣማኑኤል መሴ ዘርኣይ ፥ ሰሰና መሴ ዘርኣይ፥ ስም ኣዴና ሰላም ሃብቱ ኣስፍሃ ምግል ተረፉ፥ ሰላም ሃብተስላሴ ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ምብራቕ ሃብቱ ኣስፍሃ ምግል ተረፉ፥ ምብራቕ ሃብተስላሴ ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኖህ ኣማን ነጋሲ 2.ሰም ኣማን ነጋሲ፣ ስም ኣዴና ምብራቕ ሃብቱ ኣስፍሃ ምግል ተረፉ፥ ምብራቕ ሃብተስላሴ ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

መርሃዊ ሃብቱ ኣስፍሃ ምባል ተረፉ፥ መርሃዊ ሃብተስላሴ ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰላም ሃብቱ ኣስፍሃ ምባል ተረፉ፥ ሰላም ሃብተስላሴ ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሳሚኤ ክብረኣብ ሃብቱ ምባል ተረፉ፥ ሳሚኤ ክብረኣብ ሃብተስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ልዋም የዕበዮ ሃይለ ምባል ተረፉ፥ ልዋም ዓብ ዓሊሸክ ሕሳፎ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰንበቱ ዘኮርያስ ኣዮና ዘኮርያስ ስበሃቱ ዘርኣጋስ ስለዝዋረረ፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ት ምስጋና ማሰፍን ሃብተየም፡ ኣቦይ ማሰፍን ሃብተየም ገብረኪዳን ስለዝዋረረ፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሩፍታ ግርማይ ኣማርያም ምባል ተረፉ፥ ሩፍታቤት ግርማይ ኣማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ጳውሎስ ክብረኣብ ምባል ተረፉ፥ ጴጥሮስ ክብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ቀሺ ወልዱ ግርማይ ጥዑምልሳን፥ ኣቡሓጎይ ጥዑምልሳን ወልደማርያም መተሃንን ዓባየይ ዝፋን ገብረክርስቶስ ገብረማርያን ስለዝዋረሩ፥ ኣነ ንወላዲየይ ተኪኤ ምስ 2 ኣሕዋተይን 1ሓወቦይን 4 ደቂ መዋቲ ሓወቦይን ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ መርሃዊት የውሃንስ ተኸሳሲቲ ወ/ሩ ኣበደት ገብረእግዚብሄር 1.ቴድሮስ ታደሰ 2.ሄለን ጣሰው ደምሴ 3.ኣልማዝ ሃይለ፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቡ።

ሚሪ ኢያብ ተኽሉ፥ ስም ኣደይ ማኣዛ ኣብርሃም ገብረትንሳኤ ምባል ተረፉ፥ ማኣዛ ኣብርሃ ገብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ህያብኤል ተስፋህይወት ምባል ተረፉ፥ ሓበን ተስፋህይወት ተስፋስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮዳስ ጸጋየ በርሀ፥ ስም ኣደይ ለቻ ገብረየሱስ ሓድጉ ምባል ተረፉ፥ ለቺያ ኣስገደም ሓድጉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚኪል ግርማይ ደብሳይ ምባል ተረፉ፥ ሴት ኣለም ሳሙኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተክሊት በላይ ሃብተሚካኤል፥ ኣደይ ግደይ ዘሙዴ ፈለቀ ስለዝዋረረት፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እሰይ ሓጎስ ተወልደ ምባል ተረፉ፥ ኢሰያስ ሓጎስ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እምነት ተኸለ ቀለታ ምባል ተረፉ፥ እምነት ተኽሉ ቀለታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ማሓሪ ሰለሙን ተስፋሚካኤል ምባል ተረፉ፥ ማሓሪ ሰለሙን ሃብተሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጺጋ ተኸለ ጺጋይ፥ ስም ኣደይ ለተመድህን ገብረሃንስ ተፊረ ምባል ተረፉ፥ ለተስላሴ ሃይለ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተኣብ ገብረእግዚኣብሄር ዳኒኤል፥ ኣዴና ለተብርሃን ኣስፍሃ ምሕረትኣብ ስለዝዋረረት፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ መንደፈራ

ከሳሲት ኣሚራ ሳልሕ ሓሰን፥ ተኸሳሲ ኣልኣሚን መሓመድኣሚን መሓመድብርሃን፥ ብዓልቲ ቤትካ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፥ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ሸሪዓ መንደፈራ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት የሃና መዝገብ ሰኢሉ፥ ተኸሳሲ ብርሃነ ጀመረ ኣማኑ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱ ስለ ዘሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ማኣዛ ተኪኤ እምነቱ፥ ብዓል ቤተይ ሴሎ ኣብርሃም ተስፋማሪያም ተስፋጋብር ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 1 ወድና ደማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ልቺ ተስፋዝጊ ወልደየሱስ ምባል ተረፉ፥ ልቺ ተስፋእዝጊ ወልደየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ወይኒ ንጉሰ ሰለሙን፥ ተኸሳሲ ኣቶ ገ/ስላሴ ደብሳይ ኣርኣያ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣቶ ተስፋጋብር ተኽሉ፥ ኣቦይ ተኽለ ወልድኣብዝጊ ስለዝዋረረ፥ ንብዓልቲ ቤቱ ለተክርስቶስ ሓየሎም ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፥ 6 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሳል ዘሚካኤል ገብርኣብ፥ ወኪል ኣቤል ኣርኣያ፥ ብ/ፍ/በ/ ዕዳ ኢብራሂም ሰዒድ፥ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

ከሳሲት ለተብርሃን በረኸት፥ ተኸሳሲ ሃብተገርግሽ መንግስትኣብ ተስፋዝጊ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

ወ/ሮ ትእምርቲ ሃይለ ተስፋጋብር፥ ብዓል ቤተይ ግርማይ ገብረሚካኤል ስበሃቱ ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ ወለዱ ደማ መወትቲ ስለዝኾኑ 1 ሓፍቱ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣመልካቲ ሚልዮን ደባስ ሰንደቅ፥ ተጸዋዒ ኣስፍሃ ረዘነ ዝግታ፥ ንወላዲኡ ደባስ ሰንደቅ ንዳኻ ዝምልከት ናይ ኣጉት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ወብት ዘየ ገዙ፥ ብዓል ቤተይ ኣቶ ዑቕባይ ፍቶ ወልደገርግ ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 8 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ኣማረ ክፍላይ ገብረስላሴ ምባል ተረፉ፥ ኣማረ ክፍላይ ሃይለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮኾብ የማነ ጺጋይ ዘሩ ምባል ተረፉ፥ ኮኾብ የማነኣብ ጺጋይ ዘሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ የሴፍ መንግስትኣብ ክፍሎም፥ ወኪል ኣቶ ግርማይ ክፍሎም፥ እቲ ብስም ወለደይ ነ/ሄር መም/ መንግስትኣብ ክፍሎም ገብረመድህንን ነ/ሄሪት ኣብርሀት ተስፋጋብር ዓሀረን ኣብ ከተማ ዓዲ ቐይሕ ምም/ ከበ. ዕናበር 2 ክፍሊ ገዛ ስፍሓት መሬት 540 ት/ሜትር መዳውብቱ፥ ብሰሜን ምስ መገዲ ብደቡብ ምስ ኪዳነ ብስራት፥ ብምብራቕ ምስ መገዲ፥ ብምዕራብ ምስ ቀሺ ኪዳነ ገብረእግዚኣብሄር ዝዳወብ፥ ብዕለት 03/03/2015 ዓ/ም ብቁ/መዝገብ 001/2015 ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ዓዲ ቐይሕ ብቃል ኑዛዜ ዝገደፉለይ ክጸድቀለይ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤልሃም ጀማል ዐስማን ምባል ተረፉ፥ኤልሃም የናስ ገብረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኣሚነ ከተማ ወልደገርግሽ፥ ወለድና ከተማ ወልደገርግሽ ሃብተን ወ/ሮ ለተንስኤ የሴፍ ተስፋን ስለዝዋረሩ፥ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ቀለታ ክፍለማርያም እምባዩ ምባል ተረፉ፥ ቀለታ ክፍለሚካኤል እምባዩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሳዕድያ ዳውድ ኣሕመድ ምባል ተረፉ፥ ሳዕድያ ኣደም ሐመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ መስጠፋ ኣሕመድ መሓመድ ምባል ተረፉ፥ መስጠፋ ዓብደረሓማን መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤተልሄም ፍስሃየ መልኣከ ምባል ተረፉ፥ ኣስሊ ፍስሃየ መልኣከ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምስዮና በረኸትኣብ ኣልመደም፥ ስም ኣደይ ጺጋይ ረድኢ ዕቴል ምባል ተረፉ፥ ጽጋይ ረድኢ ዕቴል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ ሓሊማ መሓመድ ዓሊ፥ ስም ኣደይ ከድጃ ዓሊ ዑመር ምባል ተረፉ፥ ፋጥና ሰሌማን ኣበብከር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

ሳልሕ ኣሕመድ ኣደምሰዒድ ምባል ተረፉ፥ ሳልሕ ኣሕመድ ኣደም ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመዳደም ማሕሙድ መሓመድ ሓምድ ምባል ተረፉ፥ መሓመድኣደም ማሕሙድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሪፖርታዥ

# ጽንብል በዓል ናጽነት ኣብ ዞባ ዓንሰባ



ገርጊስ ፍቓድ

መበል 35 ዓመት ዝኽሪ በዓል ናጽነት ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ዞባ ብኽብ ዝበለ ደምቀትን ዓጀብን'ያ ኣብ ከተማ ከረን ተጸንቢሉ። ንኡሳን ዞባታት ዞባ ዓንሰባ፡ ካብ መጀመርያ ግንቦት ጀሚረን ክሳብ ዕለት 22 ግንቦት፡ ዝተፈላለዩ ጽሬት ኣከባብን ምግራብን ብምኽያድ፡ ማሕበራዊ ንጥፈታትን ስነ ጥበባዊ መሰናድኦታትን ኣሰላሲለን። እቲ ንጥፈታት፡ ካብ ብደረጃ ዓዲ ጀሚሩ ክሳብ ምምሕዳር ከባቢታትን ማእከል ንኡስ ዞባ ዝኸና ሓወሲ ከተማታትን'ዩ ተኻዪዱ። በዚ መሰረት ን/ዞባታት ኣስማጥ፡ ሓልሓል፡ ሃበሮ፡ ሓጋዝ፡ ሓመልማሎ፡ ገሉብን ዒላበርዕድን ክሳብ ዕለት 22 ግንቦት ክጽንብላ ከለዋ፡ ን/ዞባታት ከረንን ዓዲ ተከሌዛንን ከኣ ኣብ 23 ግንቦት ወግዓዊ ጽምብላተን ኣካይደን።

ብፍላይ ኣብ ሸሞንተ ምምሕዳራዊ ከባቢታት ከተማ ከረንን ማእከል ንኡሳን ዞባታትን ዝኾና ሓወሲ ከተማታት፡ እቲ ጽንብል ኮማዊ ዳሶት፡ ካብ ዕለት 20-24 ግንቦት ብምዕሩግን ኣገባብ ተኻይዱ።

ዝሓለፈ ሰሙን ብሃገራዊ ደረጃ ከኣ ብዘይካ ዓበይቲ ሃገራዊ በዓላትና ዝበረኸት ዕለተ ናጽነት ንምጽንባል ዝበቕዐ መደባት ንምድላው ብደረጃ ዞባ ብዙሕን ሕብራውን መደባት'ዩ ተሰላሲሉ። ኣቐድም ኣቢሉ'ውን ብዞ/ማ/መ/ተ/ኤ ተወዳቢ ብምትሕብባር ጨ/ሚ/ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ፡ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ዝተሳተፍኦ ገሰጋሳት፡ ንንባብ ዘተባብዕ መደባትን ናይ ምህዞን ሰንሰን ውድድራትን ክዳደ ከሎ፡ ካብ 8 – 10 ግንቦት'ውን ኣብ ከተማ ከረን ደሙቕ ምርኢትን መሸጣን ቅኑ መጻሕፍትን ምርኢት ውድድራት ምህዞን ሰንሰን ተኻይዱ። ከምኡ'ውን ካብ 13 ግንቦት ጀሚሩ 58 ኣብያተ ትምህርቲ ዝተሳተፍኦ ዝተፈላለዩ ስፖርታዊ ውድድራትን ፈስቲቫልን ቅኑ ተመሃሮ ተኻይዱ፡ ብዕለት 21 ግንቦት ኣብ ስታድዮም ከረን ብምዕሩግ ስነጥበባዊ መሰናድኦን ምዕዳል ሽልማትን ተዛዚሙ። ብዕለት 16 ግንቦት እውን ብጨ/ሚ/ትምህርቲ ተወዳቢ ኣብ ህጻናት ዘተኮረ ናይ ፈለማ ደሙቕ መደብ ተኻይዱ። እቲ ብስነ ጥበባዊ ተኽለ ተስፋሚካኤል (ክላውን) ዝቐረበ መደብ፡ ኣብ መላእ ከረን ካብ ዝርከባ 33 ትካላት ቅድመ ትምህርቲ ዝመጽኡ ተመሃሮ ተሳቲፎምሉ። ብተመሳሳሊ፡ ካብ ዕለት 13 ክሳብ 19 ግንቦት፡ ግጥሚት ኩዕሶ እግሪ፡ ኩዕሶ ሰከቦት፡ ኩዕሶ መርበብ፡ ቅድድም ብሽክሌታ፡ ኣትሌቲክስ፡ ቅድድም ኣግማል ዘጠቓለለ ያታዊ ስፖርትን ካልእን ተሰላሲሉ።

ብኢጋጥሚ መበል 35 ዓመት ናጽነት ካብ ዝተኻየደ ተደራቢ ደሙቕ ጽንብላት ብዙሕ ምድላዋት ዝተገበረሉ ምርኢትን ሰልፍን ካርኒቫል፡ ብዕለት 22 ግንቦት ድሕሪ ቀትሪ'ዩ ኣብ ጎደናታት ከረን ብድምቀት ተጸንቢሉ። እቲ ካብ ኣደባባይ ጃራፍዮሪ ሰንትራል ጀሚሩ ብጃራ ፍዮሪ ማእከል ከተማ ዘይሩ ብምስመር ህንጻ ኤራቴል፡ ሆቴል ኮስቲና፡ ሆስፒታል ከረን ብቤት ትምህርቲ ሰላም ተጠውዩ ናብ ማበገሲኡ ዝተመልሰ ሰልፊ ካርኒቫል፡ መሳጥኡቱን ሕብራውነቱን ንኻልኢት'ውን ትኹን ዓይንኻ ሰም ከተብል ዘፍቅድ ኣይነበረን። እዚ ብዝተፈላለየ እዋናዊ ሃገራዊ ጭርሖታትን ጥንዴራ ኤርትራን ብስፍፍዊ ኣገባብ ዝተጻሕፈ ፖስተራትን ስእልታትን ብዙሓዙ ተመሃሮ፡ ስፖርተኛታት፡ ያታውያን ጉጅለታት ባህሊ፡ ብባህላዊ ክዳን ዝማዕረጉ ኣቦታትን ኣደታትን፡ ወናማት ደብልትን ተሳሃይትን፡ ብወሃደት ብዘጋልቡ ኣፍራሰን ኣግማልን ዝደመቐ ሰልፊ ኣቐዲሙ ነዊሕ ምድላዋትን ልምምድን ዝተገበረሉ እዩ ነይሩ። ነፍሲ ወከፍ ምምሕዳር ከባቢ ኣብ ከባቢ ኣደባባይ ሰንትራል ሆቴል እትብጽሓሉን ትምልሰሉን ቦታኦን ተዳልዩለን ስለ ዝነበረ፡ ኣብቲ ቦታኦን ብቐንዱ ኣብቲ ዞባ ብዝበዝሒ ንዝርከባ ብሄራት ብሊን ትግረን ትግርኛን ዝውክል ባህላዊ ደርፍታትን ትልሂታትን ኩዱ ምርግዱ፡ ክሱ ጨፈራን ደበላን ውድባትን ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ነበር ዝተወደበ ብባህላውን ካልእ መሳጢ ስነ ጥበባውን መደባት ዝማዕረገ ደሙቕ ጽንብል ተኻይዱ። እቲ ብኢጋጥሚ መበል 35 በዓል ናጽነት ኣብ ዝተወደበ ጽንብል፡ ሓለፍቲ መንግስቲ ግንባርን ሰራዊትን፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ወከልቲ ዓድታትን ዝተሳተፍዎ፡ ተዘክሮታቶምን መብጽዓኦምን ዘሐደሱሉ ብዓይነቱ ዝተፈልየ እዩ ነይሩ። ምምሕዳር ከባቢ ኣጀርበብ ካብ ከተማ ከረን ብሸነኽ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣስታት 17 ኪሎ ሜትር ርሒቓ ኣብ ሰሜናዊ ጫፍ ዓድታት ሰኩና ጥቓ በስኩዲራ እትርከብ፡ ኣብ ትሕቲ ዓበይቲ ጎቦታትን ሕሉማትን እተደኮነት ኣብ እዋን ቃልሲ ከም ናይቲ ዝፈጥርን ንጥፈታት'ያ ኣካይዳ። ኣብ ማእከል ከተማ ዝርከብ ትካላትን መንበሪ ኣባይትን ድማ፡ ካብ ሚያዝያ ጀሚሩ'ዩ ብሓዳሽ ሕብሪ (ቦያ) ተለኽዩን ማዕርጉን ንዕለተ ናጽነት ክጽበ ጸኒሑ። ኣብ ሕምብርቲ ከተማ ከረን እትርከብ ሸውዓተ ጨናፍር ጎደናታት ዘለዋ ጃራ ፍዮሪ'ውን፡ ኣብቲ ጎደናታት ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ተተሓሒዙ ብዝተሰቕለ ዓበይትን ናኣሽቱን ጥንዴራታትን ሕብራዊ መብራህትን ማዕረጋ ተዳልያ። ኣብ ኩሉ ጎደናታት ናይ'ታ ከተማ'ውን ንኽብሪ ናጽነት፡ ታሪኽ፡ መኸተን ልምዓትን ኤርትራ ዘንጸብርቕ ዝተፈላለየ ጭርሖታት ወጢጡ ቀንዩ። ብመጉልሒ ደምጺ ኣብ ማእከል



ብስዕስዒትን ዕልልታን ተዋሳእቲ ናይቲ ጽንብል ዝኾኑ መንእሰያትን ዓበይትን ብወንን ደምቀትን ቀሪቡ።

ካብቲ ናይ ንኡሳን ዞባታት መደባት ብፍላይ ብዕለት 17 ግንቦት ኣብ ን/ዞ/ ሓመልማሎ ምም/ከባቢ ኣጀርበብ ብኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልትን ሓፋሽ ዞባ ደጀን ሰውራ ከም ማእከል ምውፋር ዝተፈላለዩ ኣሃዱታት ውድብ ኮይና ዘገልገለት ታሪኻዊት ዓዲ እያ።

ናይ ማእከልን ርእሰ ከተማ ዞባ ዓንሰባን ዝኾነት ከተማ ከረን ምስ እንምለስ፡ መበል 35 ዓመተ ጽንብል ናጽነት ንምብዓል ብዙሕ ምድላዋት ዝተገበረሉን ባህታ ጉደናታት ከረን ክፍኖ ዝቖጸ ሃገራዊ ደርፍታት ንባዕሉ፡ ኑቲ ዕለት ተወሳኺ ጸባቐ ፈጢሩሉ'ዩ ቀንዩ። ቀጥታዊ መድረኽ ባህላዊ ምርኢት ደርፍታት ብጉጅለታት ባህሊ ተመሃሮ፡ ጉጅለታት ባህሊ ቀያሕቲ ዕምባባን መንእሰያትን ሃ/ማ/መ/ተ/ኤ፡ ጉጅለታት ባህሊ እዚ ህዝባዊ ሰራዊት (በፈር)፡ ክፍለ ሰራዊት 46፡ ብክፍለ ሰራዊት 34 ዝቐረበ ደርፍታት ድማ፡ ዝያዳ ደምቀት ወሲኹሉ'ዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሸሞንተ ምምሕዳራዊ ከባቢታት ከረን እውን ካብ 19 ክሳብ 24 ግንቦት ደሙቕ ጽንብላት ኮማዊ ዳሶት ተኻይዱ።

እቲ ብደረጃ ዞባ ዝተገበረ ወግዓዊ መዛዘሚ ናይቲ ጽንብል ከኣ፡ ብ23 ግንቦት'ዩ ኣብ ስታድዮም ከረን ቀሪቡ። እቲ ሰዓት ሰለስተ ዝጀመረ መደብ፡ "ኣለናልኪ ንሕና" እትብል ብጉጅለ ቀያሕቲ ዕምባባ





ኣቶ ስራጅ ሓጅ

ከረን ዝተዳለወት መዝሙር'ዩ መጋረጃኡ ቀሊዑ። ሕርያቲ (ናጽነት) እትብል ደርፌ ብቋንቋ ብሊን ብድምጻዊት እልልታ ስብሖቱ ምስ ቀረበት ከኣ፡ ቃል ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ብሓላፊ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ስራጅ ሓጅ ተኣበበ።

ኣቶ ስራጅ "ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ህላወኡን መንነቱን፡ ምእንቲ መሬታዊ ሓድነቱን፡ ምእንቲ ሰላምን ክብሩን ዘይልወጥ መስመር ተኸቲሉ፡ መሪር ቃልሲ ኣካይዱ፡ ደኅ ባርነት ቀንጢጡ ብርሃን ናጽነት ኮሊዑ፡ ማዕረ ዓለሙ ተሰሪዑ። እዛ ሎሚ ዝኸርዓላ ሃገሩ ንምጭባጥ፡ ሕሰም መግዛእቲ ተጻዊሩ ብደሆታት ተሳጊሩ ጀጋኑ ከፊሉ ናጽነት ኤርትራ ክውን ብምግባር ከኣ፡ ንዘልኣለም ወለዶታት ኤርትራ ቀሲናም ብሰላም ዝነብሩላ ሃገር ወሪሱ" ድሕሪ ምባል፡ ህዝብና ሳላ ትብዓቱን ንጹር ሃገራዊ መስመርን ራኢ መንግስቲ ኤርትራን ኣብ ወሽጢ ሃገርን ወጻእን ከም ወትሩ ሓድነቱ ኣይልዩሉ ኣብ መኸተን ልምዓትን ሃገር ብሓደ ትርግታ ልቢ ይንቀሳቐስ ምህላዉ ሓቢሩ። ንደምቀት'ዚ በዓል ኣበርኪቶ ንዘበቑ ኩሎም ትካላትን ውልቀ ሰባትን ከኣ ኣመስጊኑ።

ድሕሪ መደረ ኣቶ ስራጅ፡ መሳጢ ጣዕመዜማ ዘለወን ደርፍታት ብቋንቋታት ብሊን፡ ትግረ፡ ትግርኛን ሳሆን ክቐርባ ከለዋ፡ ሻዕቢያ እትብል ግጥምን "ትብዓት" ዘርእስታ ድራማን እውን ብቋንቋ ትግርኛ ቀሪበን። ቀጺሉ ወግዓዊ መልእኽቲ ዞባ ዘመሓላለፈ ወኪል ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኮሎኔል ክብሮም ንርኣዮ'ዩ።

ኮሎኔል ክብሮም ኣብ መደረኡ፡ ጽንዓትና ዋሕስና ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ ዝኸሪ መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ኣብ እንብዕለሉ እዋን፡ ዓለማውን ዞባውን ኩነታት ገምጊምና እንተ ኣነጻጸርና፡ "ጽንዓት" እቲ እኹ ውሕስነት ዓወትን ቀጻልነትን ምዃኑ ከም እንግንዘብ ኣዘኻኺሩ። ቀጺሉ'ውን "ጽንዓት መለለዩ ናይቲ ን50 ዓመታት ኣብ ፖለቲካውን ብረታውን ቃልሲ ንናጽነት፡ 35 ዓመታት ድማ ኣብ ድርብ ናይ ልምዓትን መኸተን ዕማም ዝመኸተ ህዝቢ ኤርትራ ውሕስነት ኮይኑ ንረኽቦ" ኢሉ። ንጽንዓት፡ መኸተ፡ መደባት ልምዓትን ህንጻን ዓወትን ምዕቃብ ክብርታትን ኤርትራ ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጽ ከኣ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት ናጽነት ኣብ ዞባ ዓንሰባ ኣብ ኩሉ ጽላታት፡ ዝተዓመ ልምዓታውን ህንጻውን መደባት ብጽማቖ ኣቕሪቡ። ኣብ መዛዘሚ ከኣ፡ ናጻ ፖለቲካዊ ሕርያናን ንጹር መስመርናን ኣብ ሕጂ ዘለናዮ መድረኽ ዘበጽሓና ምዃኑ ብምእማን፡ ናይ ቀጻሊ ጉዕዞ ልምዓትን ድሕነትን ሃገርና ብዘተቓጸ መንገድን ዝተወሃሃደ ሰራሕን ንዘጋጥም ብድሆታት ብዘሎቺ ፍታሕ ገጢምና ከም ወትሩ ብዓወት ክንዛዝሞ ተላቢዩ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ስፖርታዊ ውድድር እዚ ማእከል ቀጺሉ

ካልኣይ ዙርያ ግጥማት ኩዕሶ እግሪን ኩዕሶ መርበብን እዚ ማእከል፡ ኣብ ደቀምሓረ ይቕጽል ምህላው፡ ሓበሬታን ገጠብሽን ናይቲ እዚ ሓቢሩ።

ኣብቲ ጸሓይ ዝዕብለሎ ቅንያት፡ ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሮዝመ ንግዳይ ጸብረን ከሎማን ብዘመሳሰሊ 2-ብ0 ክትስዕረን እንከሎ፡ ሂላል ንደምሒና መረብ ከኣ ንዐብል 2-ብ1፡ ኣቓዲማ ብመረብ ዝተሳዕረት ማይ ጸብሪ ንኣዲል 2-ብ0 ስዒረንኦን።

ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዐብል ንዛራ 3-ብ1 ክትስዕራ እንከላ፡ ቡታ ቀንዲ መተሃላልኽታ ዝኾነት ማይ ጸብሪ ግና 3-ብ1 ተሳዒራ። ሂላል ንመረብ 3-ብ1፡ ዛራ ንደንደን 3-ብ0 ስዒረንኦን።

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ እምባ ሶየራን ሂላልን 0-ብ0 ክፈላለያ እንከለዋ፡ ግሎብ ንብሪጎን 1-ብ0 ስዒራታ። ሮዝመ ከኣ ንመረብ 2-ብ0 ስዒዓታ።

ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ መረብ ንኣዲል 2-ብ0 ብምስዓፍ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝተሳዕረቶ ክትድኅቦ እንከሎ፡ ደጊማ ምስ ማይ ጸብሪ ዝገጠመት ኣዲል 2-ብ2 ብምፍልላያ ዳምግይ ነጥቢ ከሲራ። ንደምሒና 1-ብ0 ዘፉነወት ሂላል ኣቓዲማ ምስ ዐብል ዘጥፈኣቶ ነጥቢ መኩሓሓሲ ረኺባትሉ።

እዚ ውድድር፡ ኣብ ምቕጻል ይርከብ።



## ኮሞ፡ ታሪኽ ሰሪሐ

### ኤሲ ሚላንን ጁቬንቱስን ካብ ሻምፒዮንስ ሊግ . . .

ቅድሚ ክልተ ዓመታት ናብ ሰሪኣ (ቀዳማይ ዲቪዥን ናይ ኢጣልያ) ዝደየበት ክለብ ኮሞ፡ ኣብዚ ወቕቲ ራብዐይቲ ኮይና ብምዝዛም፡ ዝመጽእ ወቕቲ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትሳተፍ እያ።

እዛ ብሰስ ፋብሬጋዝ እትሰለም ክለብ፡ ንፈለማ ግዜኣ እያ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትሳተፍ። ሳልሰይቲ ዝወጸት ሮማ’ውን ድሕሪ 2018-19 ንፈለማ ግዜ ኣብዚ ዝዓበየ ኤውሮጳዊ ውድድር ዘሳትፍ ደረጃ ሒዛ ወዲኣ።

ብኣንጻሩ፡ ዓበይቲ ክለባት ናይቲ ሊግ ዝኾና ኤሲ ሚላንን ጁቬንቱስን፡ ሓሙሻይን ሻዱሻይን ብምውድኦን ካብ ሱታፌ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣንሸራቲተን ኣብ ኤውሮጳ ሊግ ክጻወታ እየን።

## ድባርዋ - ስፖርታውን ያታውን ውድድር ተኻይዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ብምኽንያት 24 ግንቦት በዓል ናጽነት፡ ስፖርታውን ያታዊን ንጥፈታት ተኻይዱ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ጉታ ገመድ፡ ምም/ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ኮርፖረሽን ኤለትሪክ ሰቲ ንኡስ ዞባን መደበር ፖሊስን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ሐዚዎም።

ኣብ ውድድር ኣስቲ፡ ሚሮን ክብሮም ካብ ጋንታ ናጽነት፣ ኣብ ውድድር ተወሰጥ ከኣ፡ ህያብ ተስፉጋብርን ኣቤል ተኽለኣብን ካብ ጋንታ ደንደን ተዓዊቶም።




ኣብቲ ካብ 12 መጋቢት ዝጀመረን 22 ግንቦት ዝተዛዘመን ጸወታ ኩዕሶ መርበብ፡ ጋንታ ዓዲ በዙሓንስ፡ ንጋንታታት ኣማድርን ግዝ ላምዛን ኣኽቲላ ቀዳመይቲ ወጺኣ።

ኣብ ኩዕሶ ሰኪዒት ደቂ ኣንስትዮ፡ ዓወት፡ ንስሪን ሹቲንስታርን፣ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ሹቲንስታር፡ ሰዋርን ሻንሻይን ተዓዊቶም። ብርኽቲ ከርስን ዩኤል ኣብራሃምን ከኣ፡ ዝለዓሉ ኣመዝጉብቲ ተባሂሎም ተሸሊሞም።

ብዘይካዚ፡ 5 ሚያዝያ ጀሚሩ ንሓሙሽተ ሰናብቲ ዝቐጸለ ቅድድም ብሽክሊታ ናይ ክልተኡ ጾታ’ውን ተዛዚሙ።

24 ከሎሜተር ካብ ዝሸፈነ ተቐዳደምቲ ራብዓይ ዲቪዥን፡ ሄርሞን ወልደሚካኤል፡ ቶማስ ቢንያም፡ እሰይ ሰዒረ፡ ኣሚናዳኣብ የናስ፡ ሚሮን ሓድጉን ኣቤል የውሃንስን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም። 30 ነጥቢ ዝኣከበ ሄርሞን ወልደሚካኤል ከኣ፡ 27 ነጥቢ ዝዋህለለ እሰይ ሰዒረን 21 ነጥቢ ንዝኣከበ ነቢይ ሃብቶምን ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኮይኑ ወዲኡ።

ሳልሳይ ዲቪዥን 33 ኪሎ ሜትር ተሰሪዑሎም። መኩታር ሓሰን ቀዳማይ ክኣቱ እንከሎ፡ ናኦድ ዑቕባይ፡ ሳምሶም እዮብ፡ ኣቤል በረኸት፡ ፋኒኤል እስቲፋኖስን ኤሾን ተኽለዝጊን ድማ፡ ሰዒቦም ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም። ብወህሉል ነጥቢ ከኣ፡ መኩታር ሓሰን 28 ነጥቢ፡ ሳምሶም እዮብ 27 ነጥቢ፡ ኣቤል በረኸት 22 ነጥቢ ብምእካብ ተዓዊቶም።

ደቂ ኣንስትዮ፡ ንዝተሰርዓለን 18 ከሎሜተር፡ ብ33 ደቒቕ ኣብ ዝዛዘማሉ፡ ሳምራዊት ደበሳይ ቀዳመይቲ ወዲኣ። መርሃዊት ክፍሉ፡ የርሳሌም ማሪቆስ፡ መዚት ተስፋልደት፡ ሚላት ብርሃነ ሊድያ መርሃዊትን ድማ፡ እግሪ እግራ ኣትየን። በዚ ድማ፡ ሳምራዊት ደበሳይ 42 ነጥቢ ቀዳማይ ደረጃ ክትሕዝ እንከላ፡ 27ን 19ን ነጥቢ ዘዋህለላ መርሃዊት ክፍለን የርሳሌም ማሪቆስን ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ወዲኣአን።

ተቐዳደምቲ ካልኣይ ዲቪዥን ንዝተሰርዓሎም 54 ከሎ ሜተር፡ ብ1 ሰዓትን 33 ደቒቕን ወዲኦሞ። ሄኖክ ፍትሓዊ ካብ ጋንታ ምስሶም፡ ኤሾን እዮብ - ግዝ ላምዛ፡ ተሚሰገን እዮብን ሰድ ሳምሶምን - ምስሶም፡ መሪሕ መሓሪ - ግዝ ላምዛ ከም’ኡ’ውን መዋእል ጎይትኦም ካብ ምስሶም ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም።

34 ነጥቢ ዝኣከበ ሰድ ሳምሶም ድማ ብወህሉል ነጥቢ ቀዳማይ ወዲኡ። ኤሾን እዮብ 22 ነጥቢ፡ ሚሊ ሳምሶም ካብ መረብ 19 ነጥቢ ኣዋህሊሎም ድሕሪኡ ተሰሪዖም።

ብጋንታ ድማ፡ ምስሶም 83 ነጥቢ ቀዳመይቲ ወጺኣ፣ መረብ ብ46 ነጥቢ ግዝ ላምዛ ብ29 ነጥቢ ሰዒበንኣ።

72 ከሎሜተር ኣብ ዝተሰርዓሎም ቀዳማይ ድቪዥን፡ ኣብ ማሕረም 2025 ኣብ ባረንቱ ንዝተኻየደ ሻምፕዮን ኤርትራ ማውንቴን ባይክ ዝተዓወተሉ ተቐዳዳማይ ምስሶም ናትናኤል ጺጋይ፡ 2 ሰዓትን 35 ደቒቕን ቀዳማይ ኣትዩ። ያፌት የማን - ምስሶም፡ ሳይሞን ጸገዘኣብ - ግዝ ላምዛ፡ ሴም ዳዊት - መረብ፡ ኣሚናዳኣብ ኣለም - መረብ፡ ተማሰገን እያሱ - ምስሶም ክሳብ ሻዱሻይ ዝዘሎ ደረጃ ተማቒሎሞ።

በዚ ድማ፡ ሳይሞን ጸገዘኣብ ካብ ገዛእዛ 33 ነጥቢ ተዓዊቱ። ብተኸታታሊ 32ን 31ን ነጥቢ ዝኣከቡ ደቂ ጋንታኡ ናትናኤልን ያፌትን ሰዒቦሞ።

110 ነጥቢ ዝኣከበት ምስሶም ከኣ፡ ንናይ ጋንታ ውድድር ተዓዊታትሉ። መረብ 64 ነጥቢ፡ ግዝ ላምዛ 60 ነጥቢ ብምውህላል ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ኮይነን ምውድኦን ወኪል ዜና ናይቲ ንኡስ ዞባ ሓቢሩ።

## ፕሪመር ሊግ ተዛዚሙ

### ኣርሰናል፡ ዋንጫ ኣልዒላ!

ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ 2025-26፡ ሰንበት 24 ግንቦት፡ ኩሉ 10 ግጥማት ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ኣብ እተዛዘመሉ፡ ኣቐዲማ ሻምፕዮን ምኳና ዘረጋገጸት ኣርሰናል፡ ነታ ንዓመታት ዘቋመተታ ጸዋእ ሊግ ኣልዒላታ።

ኣርሰናል፡ እታ መወዳድርታ ዝነበረት ማን ሲቲ፡ ሰሉስ ምሸት ምስ ቦርንማውዝ 1-ብ1 ድሕሪ ምፍልላያ፡ ሻምፕዮን ምኳና ኣረጋጊጻ እያ ቀንያ። ኩሎም ኣባላታን ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ዘለዉ ደገፍታን ድማ፡ ዓቢ ናይ ሓጎስ ጽንብል ኣብቲ እዋን ኣካይዶም። ሰንበት ዝተርፎም ዝነበረ ከኣ፡ ጸዋእ ምልዓል ጥራይ እዩ ነይሩ - ዝምዝጉብ ወጽኢት ብዘየገድስ።

እዛ ዝበዝሐ ቀዳሞት ተሰለፍታ ኣዕሪፋ ንክሪስታል ፓላስ ዝገጠመታ ክለብ፡ ካብ ጋብሪኤል ጂሰስን ናኒ ማዱኣከን ብዝመዝገቦኦን ሸቶታት፡ 2-ብ1 ተዓዊታ። ንእኽኮ ሸቶ ኣብ ሜዳኣ ናይ እትጻወት ዝነበረት ፓላስ፡ ኣብ መበል 88 ደቒቕ ጂያን ማተታ ኣመዝጊባቶ።

በዚ ድማ ኣርሰናል፡ ብ85 ነጥቢ ቀዳመይቲ ብምውዳእ፡ ድሕሪ 22 ዓመታት ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ኣልዒላ። ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ ኣብ ምሉእ ወቕቲ ቀይሕ ካርድ ከይተረኣየን ፍጹም ቅላዕ ከይተመዝገበን ዋንጫ ዘልዓለት ቀዳመይቲ ጋንታ ድማ ኮይና - ኣርሰናል።

ኣብ መዛዘሚ ጸወታኣ ኣብ ሜዳኣ ብኣስቶን ቪላ 2-ብ1 ዝተሳዕረት ማን ሲቲ፡ ብ78 ነጥቢ ካልኣይቲ ወዲኣ።

በዚ ድማ፡ ሳልሰይቲ፡ ራብዐይቲን ሓሙሻይቲን ደረጃ ዝሓዛ ማን ዩናይትድ፡ ኣስቶን ቪላን ሊቨርፑልን ምስዘን መራሕቲ ብምኳን ዝመጽእ ወቕቲ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክሳተፋ እየን።

ቦርንማውዝን ሳንደርላንድን ኣብ ኤውሮጳ ሊግ፡ ብራይተን ከኣ ኣብ ኮንፈረንስ ሊግ ክጻወታ እየን።



መበል 18 ዝበረት ዌስት ሃም፡ ወላ’ኳ ንሊድስ 3-ብ0 እንተሰዓረታ፡ እታ ብክልተ ነጥቢ በሊጻታ መበል 17 ዝበረት ቶተንሃም ብምዕዋታ ግን፡ ኣሰር ናይ’ተን ኣቐዲመን ናብ ታሕተዋይ ዲቪዥን ምውራደን ዘፍለጣ በርንሊይን ዎልቨሸስን ሰዒባ ኣላ። እዛ ጋንታ፡ ድሕሪ 14 ዓመታት እያ ካብ ፕሪመር ሊግ ናብ ሻምፕዮንሺፕ (ካልኣይ ዲቪዥን) ትወርድ ዘላ። ቶተንሃም ድማ ንሽክላ ንታሕቲ ካብ ምውራድ ብምድሓና፡ ኣሰልጣኒኣ ተጻወትታን ደገፍታን ዋንጫ ከም ዘልዓሉ ክጸምብሉ ተራእዮም።

ዝበን ሰለስተ ክለባት ተከኣን ኮቨንትሪ፡ ኢፕስዊችን ሀል ሲቲን ናብ ፕሪመር ሊግ ደይበን ኣለዋ።

* ካብ ፍጻመታት መዛዘሚ ዕለት

- ሓለቓ ጋንታ ማን ዩናይትድ - ብሩኖ ፈርናንደዝ፡ ንብራይተን 3-ብ0 ኣብ ዝሰዓሩሉ ግጥም፡ ሓንቲ ናይ ሸቶ ዕድል ሃንዲሱ - መበል 21 ናይ ሸቶ ቀረብ ናይዚ ወቕቲ እዩ።

በዚ ድማ ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ ኣብ ሓደ ወቕቲ ዝበዝሐ ቀረብ (Assist) ዝገበረ ተባሂሉ ክብረ ወሰን ሒዙ። ኣቐዲሙ ምስ ኬቨን ደ ብሩይነን ቴሪ ሄንሪን ተመዓራርዩ ምንባሩ ይፍለጥ። ኣብቲ ሓሙሽተ ዓበይቲ ሊጋት ኤውሮጳ ድማ፡ ብ21 ቀረብ ምስ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ባርሴሎና ሊዮኔል መሲን ተጻዋታይ ባየር ሙኒክ ዝነበረ ቶማስ ሙለርን ተመዓራርዩ።

እዚ ፖርቱጋላዊ ኣከፋፋሊ፡ ዝሓለፈ ቀዳም’ውን “ዝበለጸ ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግ ናይዚ ወቕቲ” ተባሂሉ እዩ።

- ስመ-ያት ተጻወትቲ - ሞ ሳላሕን ኣንዲ ሮበርትሰንን ካብ ሊቨርፑል ከም’ኡ’ውን በርናንዶ ሰልቫን ጆን ስቶንስን ካብ ማን ሲቲ ተፋንዮም። ብዐበኡ ከኣ፡ ዓላሚ ማን ሲቲ - ፐፕ ጓርድዮላ፡ ናይ ሓደ ዕቑድ ጸንሒቱ ዛዚሙ ተፋንዩ።

- ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ ኤርሊን ሃላንድ፡ ብ27 ሸቶታት፡ ንወርቃዊት ጫማ ተዓዊቱላ - ንሳልሳይ ግዜኡ። ኣቐዲሙ ኣብ 2022-23 ከም’ኡ’ውን 2023-24 ወሲዱዋ ብምንባሩ።

- ቸልሲ፡ ብሳንደርላንድ 2-ብ1 ብምስዓራ፡ 10ይቲ ኮይና ዛዚማ፣ ንዓመታ ካብ ኩሉ ኤውሮጳዊ ውድድር ድማ በኹራ ኣላ።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኣመሪካ፡ ምስ ኢራን ኣብ ስምምዕ ንምብጻሕ ከምዘይትህወኽ ኣፍሊጣ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሃገሩ ምስ ኢራን ኣብ ስምምዕ ንምብጻሕ ከምዘይትህወኽ ኣፍሊጡ።

ኣብ ልዕሊ. ናብ ወደባት ኢራን ዝካየድ ምንቅስቓስ ናይ ንግዳውያን መራኽብ ጸኒዑ ዘሎ እገዳ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ስምምዕ ክሳብ ዝብጻሕ ከምዝቕጽል ጸኒዑ ክቕጽል ምዃኑ'ውን ወሲኹ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኢራን ንክልሰዊ ኣጽዋር ከተማዕብል ይኹን ክትሸምት ፈጺሙ ከምዘይፍቀደላ፡ ትራምፕ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ዝ.ዝበልጽ ዘሎ፡ ሓደ መዓልቲ ድሕሪ'ቲ ኣመሪካን ኢራንን ናይ መወዳእታ ስምምዕ ዝኽትማሉ ግዜ ርሑቕ ከም ዘይኮነ'ውን ምእማኑ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ጸሓፊ ክፍሊ. ጉዳያት ወጻኢ. ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ፡ ኢራን ንመጻብቦ ሆርሙዝ ቀጻሊ ምስ እትኸፍቶ፡ ሃገሩ ብጉዳይ ንክልሰዊ መደባት ናብ ዕቱብ ዝርርብ ክትኣቱ ድሉወቲ ከም ዘላ ገሊጹ።

ንሱ ቀጺሉ፡ ሃገሩ ካልእ ኣማራጺታት



ቀዳሚ ምድህሳሱ፡ ዝቐደ ዘሎ ዲፕሎማስያዊ ጻዕረታት ንኸዕውት ምሉእ ዕድል ከም እትህብ ኣፍሊጡ።

ብተወሳኺ፡ ሃገሩ ምስ ኢራን ተኻይዱ ዘሎ ዝርርብ ኣብ ዝቕጽል ክልተ ኣዋርሕ ፍረ ምስ ዘይርከቦ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ. እታ ሃገር ዳግማይ መጥቃዕቲ ከተካይድ ከም እትኽእል ኣሚቱ።

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ ብወገኑ ዝሓለፈ. ሰሙን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ምስ ኢራን ዝብጻሕ ናይ መወዳእታ ስምምዕ ንኑክልሳዊ ሰገኣት ሃገሩ ዘወግድን ንጸጥታ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ዘውሕስን ክኸውን ከም ዘለዎ፡ ምስ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ዝገበሮ ናይ ቴሌፎን ርክብ ከም እተረዳድኡ ገሊጹ።

ኣብ መንጎ ጠለባት ኣመሪካን ኢራንን ዘሎ ፍልልይ ገፊሑ ብምዃኑ፡ ክልቲኦን ሃገራት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ናብ ስምምዕ ክበጽሓ ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ ምዃኑ እዩ ምስ'ተን ሃገራት ቀርባት ዝኾኑ ተንተንቲ ዘረድኡ።

## ብመጥቃዕቲ ዩክሬን ሸዱሽተ ሩስያውያን ተቐቲሎም

ዩክሬን ኣብ ዶባዊ ዞባታት ሩስያ ብዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ፡ ክልተ ህጻናት ዝርከብዎም ሸዱሽተ ሰላማውያን ሰባት ከም ዝተቐትሉ፡ ሰበ መዚ. ሩስያ ገሊጾም።

በቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ከተማ ጎርሎቭካ ኣርባዕተ ሰባት ክቕተሉ ከለዉ፡ እቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ ዞባ ቤልጎሮድ ብዝተፈጸመ ኮለጅ ናይ ሩስያ ብዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ 21 ተመሃሮ ክቕተሉ ከለዉ፡ ካልኦት ብዙሓት ድማ ከም ዝቖሰሉ እዮም ጸብጻባት ናይታ ሃገር ዝሕብሩ።

ሞስኮ፡ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ. ሰላማውያን ሰባት ንእትፍጽሞ ዘላ መጥቃዕቲ ብትሪ ኮኒናቶ ኣላ።



ተመሳሳሊ. መጥቃዕቲ ዝተቐትሉ ምዃኖም፡ እቶም ሰበ መዚ. ወሲኾም ሓቢሮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዞባ ብራያንስክ በቲ መጥቃዕቲ ብዙሕ መንበሪ ኣባይትን ካልእ ንብረትን ከም ዝዓነወ፡ ኣመሓዳሪ ናይቲ ዞባ ኣመልኪቱ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ብወገኑ፡ ኣብ 14 ዞባታት ሩስያ ክጥቅዓ ዝተላእካ 173 ድሮናት ዩክሬን ኣብ ሓደ ለይቲ ተወቒዐን ከም ዘበርዓና ገሊጹ።

ዩክሬን ዝሓለፈ. ዓርቢ'ውን ኣብ ሓደ

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣባላት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ዝኾና ብሪጣንያ፡ ፈረንሳ፡ ስጳኛ፡ ኢጣልያን ካናዳን 0.25 ሚእታዊት ካብ ጃምላ ዘቤታዊ እቶተን ኣብ ወተሃደራዊ መዓላ ዩክሬን ከውዕላ ንዝቐረበለን እማመ ከም ዝጸገና፡ መርበብ ሓበሬታ 'ራሻ ቱደይ' ኣመልኪቱ።

እቲ እማመ፡ ካብ 32 ኣባል ሃገራት ኔቶ፡ በተን ሸውዓተ ሃገራት ጥራይ ከም ዝተደገፈ'ውን እቲ መርበብ ሓበሬታ ወሲኹ ሓቢሩ።

## ኮንጎ - ብኢቦላ ዝተለኽፉ ሰባት 900 በጺሖም

ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ኣብ ዲሞክራስያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ቁጽሪ ብሕማም ኢቦላ ናይ ዝተለኽፉ ሰባት ልዕሊ. 900 ከም ዝበጽሐ ሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ ሓበሬታ፡ ኣብታ 'ማእከል ናይቲ ለበዳ' ተባሂላ እትግለጽ ዘላ ዞባ ኢቱሪ ጥራሕ 101 መልከፍቲ ኢቦላ ተመዝጊቡ ኣሎ።

ርብዒ. ካብ'ቶም ኣስታት ሓሙሽተ ሚልዮን ነበርቲ ዞባ ኢቱሪ ሰብኣዊ ሓገዝ ከም ዘድልዮም ዝጠቐሰ እቲ ውድብ፡ ኣስታት 20 ሚእታዊት ካብኦም ተመዛቢሎም ከም ዘለዉ. ኣመልኪቱ።

ሚኒስትሪ ጥዕና ኮንጎ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ድማ፡ ብሰንኪ. እቲ ተላባዒ. ሕማም ካብ ልዕሊ. 200 ሰባት ሞይቶም ከም ዘለዉ. ገሊጹ።



ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ኣብ ኮንጎ ተኸሲቱ ዘሎ መጠን ለበዳ ኢቦላ ካብ "ልዑል" ናብ "ኣዝዩ ልዑል" ክብ ከም ዝበለ ድሕሪ ምግላጹ፡ ንጉዳያት ናይቲ ሕማም እኹል ክሽክን ምዃብ ኣድላዪ ኮይኑ ምህላዉ. ኣረዲኡ።




## ኣንጎላ - ብሓደጋ ምህማም መሬት 28 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ኣንጎላ፡ ኣብ ዘይሕጋዊ መዐደኒ. ወርቂ ብዘጋጠመ ሓደጋ ምህማም መሬት፡ ብውሑዱ 28 ሰባት ከም ዝሞቱ ሰበ መዚ. ናይቲ ከባቢ. ሓቢሮም።

መዚ፡ ተርእዮ ሓደጋታት ኣብ መዐደኒ. ቦታታት ልሙድ እናኾነ ይመጽእ ከም ዘሎ ገሊጾም።

መንግስቲ ኣንጎላ ዘይሕጋዊ



በቲ ኣብ ዞባ ቤንጎ ዘጋጠመ ትራጀድያዊ ሓደጋ ካብ ዝሞቱ እቶም 13 ካብቶም ኣባላት ሓንቲ ስድራ ከም ዝኾኑ'ውን ፖሊስ ኣንጎላ ገሊጹ።

በቲ ሓደጋ ካልኦት ቁጽሮም ዘይተፈልጠ ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ብምህላዉ፡ ቁጽሪ ምውታት ክይወሰኽ ተሰጊኡ ከም ዘሎ እዮም እቶም ሰበ መዚ. ዝሕብሩ።

ጉዳያት ንምድሓን ሰፊሕ ስርሒት ይካየድ ከም ዘሎ ዝገለጹ እቶም ሰበ ንጥፈታት ዕደና ዝካየደሎም ቦታታት ጠንቂ ሓደጋታት ይኾኑ ከም ዘለዉ. ብምሕባር፡ ህዝቢ. ካብቲ ንጥፈት ክቑጠብ ኣተሓሳሲቦም።

ብሰንኪ. ኩናት ኢራንን ኣመሪካን ዋጋ ወርቂ ኣብ ዕዳጋታት ዓለም እናወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ዕደና ኣብ'ተን ብባህርያዊ ሃብቲ ሃብታማት ዝኾና ሃገራት ኣፍሪቃ ይወሰኽ ከም ዘሎ እዩ ዝግለጽ።

ተረኛ ፋርማሲ: ፋርማሲ. ሓድሽ ዘመን
ዕለት: 26/05/2026
ጎደና: ጎደና ኖቅፋ ቁ.223፡ እንዳ ማርያም ጥቓ ባር ትራሱተለ
ቁ.ስልኪ.: 122798
ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services